# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.178 ሰንበት 26 መጋቢት 2023 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ፍጥነት ብርሃን ኩሉ ግዜ ሓደ ድዩ?




ገጽ 3
"ዲሞክራሲ ንኣመሪካውያን ሓደጋ እዩ. . .




ገጽ 4
ምብጋስ ዳርጋ ፍርቂ ምብጻሕ'ዩ




ገጽ 5
ገንዘብ ዘይክፈሎ - ከቢድ ዋጋ ዘኽፍል



ገጽ 7
"ሞሪኖ፡ ዝበለጸ ኣሰልጣኒ ናይ'ዚ ዘመን" ኦዚል



## ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ ዓመታዊ ንጥፈታታ ገምጊማ



ኣብ መላእ ሃገር ካብ ዝርከብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝመጽኡ ተመሃሮ 11 ክፍሊ ተቐቢላ ናይ 12 ክፍሊ ትምህርቲ እተህብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ - ሳዋ፡ ብ21ን 22ን መጋቢት ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2022/2023 ንጥፈታታ ገምጊማ።

ኣብ'ቲ ገምጋም፡ ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ጨናፍር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኣብ ዞባታትን ኣሃዱታት ካልኣይ ደረጃን፡ ከምኡ'ውን ሓለፍቲ ክፍልታት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ኣለይቲ ተመሃሮን ካልኦት ኣካላትን ተሳቲፎም።

ኣዛዚ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሜጀር ጀነራል ሮሞዳን ዐስማን ኣውልያይ፡ ህንጸት ሃገር ኣብ ህንጸት ብኹለንትናኡ ብቑዕ ዜጋ ከምዝምርኮስ ጠቒሱ፡ ንጥፈታት ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ ንምዕዋት፡ ናይ ኩለን ኣካላት መንግስትን ግንባርን ወሃዱ ተሳትፎ ከየንዘዘ ጸዊዑ።

ርእሰመምህር ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ - መምህር ርእሶም ጉብረሂወት፡ ካብ ወርሒ ሓምለ 2022 ክሳብ ወርሒ መጋቢት 2023 ኣብ ዝተዘርገሐ ዓመተ-ትምህርቲ፡ 49.4 ሚእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም ካብ 98 ናይ 2ይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝመጽኡ ኣስታት 13 ሽሕ ተመሃሮ ክመሃሩ ከምዝጸንሑ ገሊጹ።

ትሑት መጠን ምሕላፍን ትሑት ሰታፊ ደቂ-ኣንስትዮን ዘለወን ኣብያተ-ትምህርቲ ፍሉይ ቆላሕታን ምክትታልን ክግበረለን፣ እኹልን እዋናውን መጽሓፍቲ ኣብ ቤት-ንባብ ክዋደድ፣ ዘለዎም ቤተ-ፈተነ ብዝያዳ ንኽሰርሕ ክኢላ ላቦራቶሪ ክምደበሉ፣ ከምኡ'ውን ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ዝለዓለ ወፍርን ጻዕርን ክግበር ድማ ተላቢዩ።

ቤት-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዋርሳይ ይከኣሎ - ሳዋ፡ ካብ 16 ክሳብ 35 ዘርያታት ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ልዕሊ ርብዒ ሚልዮን ተመሃሮ ከምዘምሃረት ሰነዳ የረድእ።

## ኤርትራ፡ ኣብ 'ዋዕላ ማይ' ውድብ ሕቡራት ሃገራት ተሳቲፋ

ኤርትራ፡ ካብ 22 ክሳብ 24 መጋቢት ኣብ ኒውዮርክ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዝተቓንዐ ዋዕላ ማይ ሕቡራት ሃገራት ተሳቲፋ።

ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማይ ኣቶ ሙብራህቱ ኢያሱ ኣብ ዘቕረቦ መደረ፡ ንኣገዳስነት ጸጋታት ማይ ንዘቤታዊ ሕርሻውን ኢንዳስትሪያውን መዓላታትን ዘላቒ ልምዓትን ብምጥቃስ፡ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት - ሳዕቤናት ደርቂ ክሊማዊ ለውጢን ኣከባብያዊ ፅንወትን ንምቕላል፡ ትሕተ-ባይታውን ልዕለ-ባይታውን ጸጋታት ማይ ኣብ ምህባታም ብዙሕ ስራሕ ከምዝዮመመት ገሊጹ።

ቀረብ ማይ ንምውሓስ ወሰንቲ ስጉምትታት ምውሳድ - ኣገዳሲ ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ሙብራህቱ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ፡ ካብ ዘቤታዊ ሃልኪ ክሳብ ፕሮጀክታት ልምዓት ዝዘርጋሕ፡ ኣብ ጽፈት ኣጠቓቕማ ዘተኩረ ኣኽኣሊ ሃዋህው ንዘላቒ ምምሕያሽ ምሕደራ ማይ ፈጢሩ ከምዝሎ ኣረዲኡ።

ከም ወጽኢት ናይ ዝተኣታተወ ወጥን ዘላቕነት ፕሮጀክታት ማይ፡ ዓይነት ዝስተ ማይ ክበብ ከምዝበለ፣ እዚ ድማ ኣብ ሓፈሻዊ ጥዕና ህዝቢ ርኡይ ጽልዋ ከምዝበረ ድማ ገሊጹ።

ኤርትራ፡ "ምንጪ ማይ ዝላቒ ልምዓት፡ ሃገራዊ መርሓ-ጉደና ማይ ብምምዕባልን ሓባራዊ ኣበርክቶ ናይ ኩሎም ኣካላት ብምርግጋጽን ክሰምር ይኽእል'ዩ" ዝብል እምነት ከምዘለዋ፣ ምንጭታት ማይ ግቡእ ምሕደራን ዕቃበን ምስ ዝረክቡ፡ ማሕበራ-ቁጠባዊ ምዕባለ ኣብ ምርግጋጽ ኣገዳሲ ተራ ከምዝጻወቱ፣ ብደረጃ ሃገር፡ ዞባን ዓለምን ናይ ዘለዉ መሻርኽቲ ምትሕብባር ድማ - ኣብ ምቕላል ማይ-ጠቀስ ፅንወት ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣስምሩሉ።



## ኣህጉራዊ መዓልቲ 'ቲቢ' ብዝተፈላለየ ንጥፈታት ተዘኪራ

ኣህጉራዊ መዓልቲ 'ቲቢ' - 24 መጋቢት፡ "ብርግጽ፡ ንቲቢ ከነጥፍኣ ንኽእል ኢና" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር - ብዝተፈላለየ መሰናድኣታት ኣብ ኣስመራ ተዘኪራ ወዲሉ።

እቲ መደብ፡ ኣብ ባሕቲ ማስከረም ክሳብ ሆስፒታል ኦሮታ ዝተጓዕዘ ሰልፊ ተመሃሮ፣ ሕሙም ቲቢ ንምክልኻልን ንምጥፋእን ዝሕግዙ ኣነቓቓሕቲ መሰናድኣታት፣ ከምኡ'ውን ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠትን ባህላዊ ትሕዝቶን ዘጠቓለለ ነይሩ።





ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ዳይረክተር ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዶ/ር ኣርኣያ ብርሃ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ኣብ ምንጻር፡ ምሕካምን ምንካይ መልከፍትን ሞትን ርኡይ ለውጢ ከምእተመዝገበ ብምጥቃስ፡ "ሕማም ቲቢ፡ መተሓላለፊኡን መከላኸሊኡን ብንጹር ዝፍለጥን ፈውሲ ዘለዎን ብምዃኑ፡ ብዕቱብ እንተደኣ ሰሪሕናሉ ዘይንዕወተሉ ምኽንያት የለን" ክብል ኣገንዚቡ።

ሓላፊት ምቁጽጻር ቲቢን ደዌን ሰስተር ሂወት ንጉስ ድማ፡ እታ ዕለት ነቲ ሕማም ንምጥፋእ ኣብ ዝስላሰል መደባት ዓቢ ሓላፍነት እተሰክም ምዃና ብምሕባር፡ ዝሎ ሃገራት ብምልላይ ብወሃደት ክሰራሕ ከምዝደሊ ኣዘኻኺራ።

ወኪል ቤት-ጽሕፈት ውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ኤርትራ ዶ/ር ኣሰፋሽ ጸሃየ ብወገና፡ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ፡ ካብ 2015 ክሳብ 2021 ሞት ብሰንኪ ቲቢ ብ26 ሚእታዊት ከምዝነከየ፣ ኣብ መዳያት ምክልኻልን ምቁጽጻርን ዘሎ ብድሆታት ምስ ዝውገድ ድማ፡ እቲ ዝድለ ገስጋስ ክምዝገብ ከምዝከኣል ገሊጻ።

# ኵርናዕ ተመሃሮ


ሱራፌል ተስፋብሩኽ

ፊዚክስ

## ፍጥነት ብርሃን ኵሉ ግዜ ሓደ ድዩ?

ፍጥነት ብርሃን ንምዕቃን ብዙሕ ውረድ ደይብ ዝነበሮን ነዊሕ ግዜ ዝወሰደን እዩ። እዚ መስርሕ ኣዝዩ ዝተሓላለኸ፡ ቀጻሊ ፈተነ፡ ዓቕልን ቦታን ዝሓትት ነበረ። ኣውስትራልያዊ በሪ ሰተርፊልድ ፍጥነት ብርሃን ካብ ዝፍጠር እናጉደለ ይመጽእ ምንባሩ ካብ ምርምራቱ ምርኩስ ብምግባር ገለጸ። እንተኾነ ምርምራቱ ደቂቕ ዝዓሞቑ ደቂቕ መጽናዕቲ ዘይተግብሮ ብምንባሩ ከእምን ከም ዘይከኣለ ይንገር። ናይቲ ግዜ ምርምራት፡ ብርሃን ካብ ዝኾነ ኮኾብ ክወጽእ እንከሎን ኣብ መሬት ዝበጽሓሉን ግዜ ብምዕያር ዝግበር ብምንባሩ፡ ዝተሓላለኸን ንዕድመ ኣድማስ ናብ ኣሽሓት ዓመታት ጥራይ ዝመልስ እዩ። ጸኒሑ ብዝተዋህበ መግለጺ ቅድሚ 6,000 ዓመታት ካብ ጋላክሲ ዝተፈነወ ብርሃን ዝተወሰደ ቍምሶ፡ ኣብ መጀመርታ እቲ ብርሃን ክፍጠር እንከሎ ካብዚ ዘለዎ ዝቐልጠፈ ምዃኑ ይነግር። እንተኾነ ካብ 1960 ኣትሒዙ ዝግበር ዘሎ መጽናዕቲ ግን ፍጥነት ብርሃን ለውጢ ኣይገበረን። ኣብ ለንደን ዝርከብ ኢምፐርያል ኮለጅ ምርምሩ ዘካይድ ዝነበረ ጂኦ ማርጌጆ፡ ብርሃን ኣብ ቀዳሞት $10^{-43}$ ካልኢታት ዝቐልጠፈ ክኸውን ከም ዝኽእል ምስ ገለጸ ዝያዳ ተኣማኒ ኰነ።

ኣብ ትምህርቲ ፍጥነት ብርሃን




($c=3x10^8$ ሜትሮ/ካልኢት) ኢልና ክንመሃር እንከለና ፍጥነት ብርሃን ኣብ ቫኩም ማለት'ዩ። ፍጥነት ብርሃን ኣብ ቫኩም ሓደ ዓይነት ክኸውን እንከሎ፡ ካብ ሓደ መተሓላለፊ ኣካል (መድየም) ናብ ካልእ ክቕይር እንከሎ ግን ክቕይር ይኽእል'ዩ።

ብርሃን ጸሓይ ኣብ ዝኾነ ቦታ ክበጽሕ ግዜ ኣይወስድን'ዩ። ጸሓይ ብርሃና ክምንጨን ኣብ ቋሕ ሰም ኣብ መሬት ክበጽሕን ሓደ ምዃኑ'ዩ። ፍጥነት ብርሃን ገለ ግዜ ከም ዝወስድ ዝተዘርበ ብኣሪስቶቲል ክኸውን ከም ዝኽእል'ዩ ዝግለጽ። "ብርሃን ጸሓይ ኣብ መሬት ንኽበጽሕ ቍሩብ ግዜ ይወስድ'ዩ፡" ብምባል ተቓዊሙዎ። ደስካርተስ'ውን ምስ ሓሳብ ኣሪስቶቲል ይሰማማዕ ነበረ። ነዚኦም ሰዒቡ ጋሊለዮ ጋሊለ ኣብ ኵሉ ዘካየዶ ፈተነ፡ መድፍዕ ክትኩስ እንከሎ ካብ ርሑቕ ምስ ተመልከቶ። ሽዑ ንሽዑ ብርሃን ክረአ እንከሎ፡ ድምጺ ግን ደንጒዩ ይስማዕ ነበረ። በዚ ብርሃን ካብ ድምጺ ከም ዝቕድም ኣረጋገጸ። ደበናታት ክጋጨዋ እንከለዋ ዝፍጠር ማሕታ - በርቂ - ቅድሚ እቲ ዝፈጥሩዎ ድምጺ - ነጎዳ - ኣቐዲምና ንርእዮ'ውን ብርሃን ካብ ድምጺ ስለ ዝቕድም እዩ። ፍጥነት ብርሃን ንምዕቃን ጋሊለዮ ምስ ተሓጋጋዚኡ ሓሓደኦም ፋኑስ ብምሓዝ፡ እቲ ሓደ ናይቲ ሓደ ብርሃን ከም ዘይርኢ ገይሮም ከወልወን። ጋሊለዮ ነታ ዝኸወላ ፋኑስ ክኸፍታ እንከሎ፡ እቲ ሓደ ብርሃን ናይ ጋሊለዮ ምስ ረኣየ ከፈታ። እዚ ዝኾነ ግዜ ኣይወሰደን። ነዚ ፈተነ ክልተ ኪሎ ሜትሮ ብምፍላይ ፈተኖ። ዘምጽኦ ለውጢ ግን ኣይነበረን። ካብኡ ብዝረሓቐ መገዲ ኸኣ ፈተነ። ዋላ'ኳ ብልክዕ ኣይዓቀኖ እምበር ግዜ ከም ዘድልዮ ተገንዚቡ ነበረ።

ቀዳማይ ዕውት ዓቐን ፍጥነት ብርሃን ብ1676 ብኦሊስ ሮመር ኣብ ግርደት ጁፒተር ብሓንቲ ካብተን ወርሒታት ነበረ። ነዚ ሎሚ ኣብ ትምህርትና እንጥቀመሉ ዓቐን ዝቐረበ $2.14x10^8$ ሜትሮ ኣብ ካልኢት ነበረ። ድሕሪ ሮመር 52 ዓመታት ጸኒሑ ዝሓሸ ዓቐን ሒዙ ዝተቐልቀለ ጄምስ ብራድሊ ነበረ። ዝናብ ናብ መሬት ዝወድቀሉ ኵርናዕ ኣስተውዓለሉ። ንፋስ ኣብ ዘይብሉ ርጉእ ኵነታት ነጠብጣብ ዝናብ ኣብ ርእሱ ክሃርምዎ እንከለው፡ እንተ ጉየየ ግን ብዝተፈልየ ኵርናዕ ይሃርምዎ ነበሩ። ነዚ ብምስትውዓል ከኣ ብርሃን ንመሬት ዝሃርምሉ ኵርናዕን መሬት ኣብ ዙርያ ጸሓይ እትዝረሉ ፍጥነትን ደጋጊሙ ብምጽናዕ ዝሓሸ ዓቐን $3.01x10^8$ ሜትሮ ኣብ ካልኢት መዝገበ። ድሕሪ ሓደ ዘመን ሰብ ብዘሰርሖ ብርሃን መጽናዕትታት ተኻየደ። ማክሰውል ንኽልሰ-ሓሳብ ኤለክትሮ-ማግነቲዝም ምስ ኣሕተሞ፡ ፍጥነት ብርሃን ብቐሊሉ ክዕቀን ከም ዝኽእል ኰይኑ።

ባርናባስ መርዕድ

## ድምጺ ክጓዓዝ እንከሎ



ኣጻብዕና ኣብ ጒሮሮና ሒዝና ክንዛረብ ወይ ዚዝ እንተ ኢልና ምንብድባድ ይስማዓና። ኣውታራት ክራር ወይ ጊታር ክህረም እንከሎ ከንበድብድ ንርእዮ። ኵሉ ድምጺ ኸኣ ውጽኢት ናይ ምንብድባድ እዩ። ሓደ ዝኾነ ነገር ድምጺ ንኽፈጥር ብምልኡ ወይ ክፋሉ ኣብ ዝተወሰነ ድግግም (ፍሪኳንሲ-ግዜ) ከንበድብድ ኣለዎ። ንሕና እንሰምዖ ድምጺ ውሱን ዓቐን ምንብድባድ ኣሎዎ። ኣብ ሓደ ካልኢት ካብ 20 ክሳብ 20,000 ግዜ ምንብድባድ እንተ'ሎ ክንሰምዖ ንኽእል። ኣብ ሓንቲ ካልኢት ትሕቲ 20 ወይ ልዕሊ 20,000 ግዜ ዘንበድብድ ድምጺ ክንሰምዖ ኣይንኽእልን ኢና። ናይ ምስምዕ ክእለት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ። ብገምገም እዝንና ዝሰምዖ ድምጺ 3000Hz እዩ። እቲ ማዕበል ድምጺ ትኽ ኢሉ ኣይኮነን ዝጓዓዝ፣ ካብቲ ምንጪ ናይቲ ድምጺ ኣናረሓቐ ክኸይድ እንከሎ እናተዘርገሐ እዩ ዝኸይድ። ልክዕ ከም ናይ መንቈርቆር ቅርጺ ይህልዎ ማለት እዩ። ድምጺ ብዓይንና ክርአ ዘይክእል ግና ክንሰምዖ እንኽእል ማዕበላዊ ምንቅስቓስ ኣሎዎ። ኵሉ ማዕበል ክጓዓዝ እንከሎ ጸዓት ወይ ሓደ ሓይሊ ይስከም እዩ። ብርተዐኡ (intensity)፡ ዝተሓተ 100 ዝለዓለ ኸኣ 1012 W/$m^2$ እዩ። ዝኾነ ድምጺ ንኽጓዓዝ መተሓላለፊ ነገር የድልዮ። ኣብ ሓደ ኣየር ዘይብሉ (vacuum) ክጓዓዝ ኣይክእልን። ኣየር እቲ ዝበለጸ መተሓላለፊ ድምጺ እዩ። ከምቲ ኣብ መባእታ ትምህርትና ነዳልዎ ቀዳማይ ፕሮጀክት ተለፎን፡ ዝተወጠረ ስልኪ ድምጺ ክጸውር ይኽእል እዩ። ኣብ ሓዲድ እዝንኻ ኣልጊብካ ብምስማዕ ባቡር ትመጽእ ኣላን የላን ክትፈልጥ'ውን ይከኣል እዩ። ድምጺ ብኣየር ክጓዓዝ እንከሎ፡ እቲ ምንብድባድ ዝፈጥር ዘሎ ኣካል ነቲ ቀረባኡ ዘሎ ኣየር ይደፍኦ። እቲ ዝተደፍአ ኸኣ ነቲ ጥቓኡ... ከምኡ እናበለ ማዕበል ፈጢሩ ኣብ ከበሮ እዝንና ይበጽሕ።

ትርሓስ ዘመደ



## ልሙዳት ስሕተታት ኣብ እንግሊዝኛ

COMMON MISTAKES IN ENGLISH

MISUSED FORMS

THE USE OF A WRONG TENSE

Using "must" or "ought" to express a past obligation.

Don't say: you ought to come yesterday.

Say: - You ought to have come yesterday.

- You should have come yesterday.

- You had to come yesterday.

"Must" and "ought" cannot be used as past tense. To express a past duty (which was done) we may use the perfect infinitive after "ought" or "should," or such expressions as "had to," "was obliged to."

NOTE. But in indirect speech "must" and "ought" may be used as past tenses: as, "He said he must do it."

ምንጪ፤ ካብ መጽሓፍ 'COMMON MISTAKES IN ENGLISH'


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ተስፋልደት መብራህቱ

ቊ.ስ 201820 (2214)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ትንሱእ ፍስሃየ　ቤተልሄም ታደሰ

ሳምራዊት ሃብተ　ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቊ.ስ.200454-07121322

ምልክታ

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ውድቀት፡ ከም ብሓድሽ ናይ ምጅማር ዕድል እዩ።"

- Henry Ford

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ



# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ምብጋስ ዳርጋ ፍርቂ ምብጻሕ'ዩ

ብንምሆኡ ካብ ዓራተይ ብድድ ኢለ ንደገ ወጺአ። ንግሆ ናይ ምትንሳእ ልምዲ ካብ ዘጥሪ ውሑድ ኣይገበርኩን። ኣብ ከምዚ ሃዋህው እቲ ኣቐዲመ ከዘውትሮ ዝበሃነ ነገር እንተኣይረ፡ ኣቲ ውልዶ ጸሓይ ብራቕ ብዝምሳጥ ንገለ ደቓይቕ ምዕዛብ እዩ። እተን ጨምጨማት ኣዒንተይ እናሓሰኹ ኣቒመትኩዋ። ምስኣ ዘለዊ ፍቕሪ ብቓላሉ ክገልጾ ዘኽእል ኣይረኸብኩን።

ኣቲ ብሰላም ኣሕዲሩ ኒታ ብራቕ ጸሓይን ኒታ ሓዳስ መዓልትን ክርኢ ዘኽኣለኒ ፈጣሪየይ ድሕሪ ምምስጋን ኣዒንተይ ቡየም ሃሳት ጨራታት ብርሃን ጸሓይ ዝዓንበ እንክምሰሉ ቀላሕታኦን ናብዮም ኣብ እግረ'ቲ መንደቕ ወረር ወረር ዝብሉ ዝነበሩ ጻጻ ገበረ። ኣብ መንገዞም እኩባት ጻጻ ግና ነቓልቦይ ዝደዓ ዝስሕብ ምንቅስቓሳት ኣብ ሓደ ጻጻ ኣስተብሂለ። እቲ ጻጻ ዘዩከም ካልኦት ብጾቱ ካብ ኑበሱ ብበዙሕ ዕጽፍጻፉት እትዓቢ ፍረ ተሰኪሙ ክወድቐን ክትንስእን ተዓዚበ። ብውሽጠይ ከኣ 'ክንድ'ዚ ዝኣክል ክብደት ተሰኪሙ ኣበይ እዩ ክበጽሕ' በልኩ።

ንገለ ደቓይቕ ደው ኢለ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኩሉ ምንቅስቓሱ ንኸዕዞ ኣቃውማይ ከተዓራሪ ጀመርኩ። እቲ ጻጻ ነታ ዝሓዛ ፍረ እኽሊ ካዐን ናብን ከንክራርዋ እንተዘይከይዱ፡ ካብ ዝነበረ ሰፍራ ሰጉቲ ሜትሮ እውን ትኸን ምንቕ ከዐላ ኣይክኣለን። እንተኾነ ግና ናህሪ ጻዕራቱ ብምውሳኽ ክሰከማ ብዙሕ ፈተናታት ካብ ምስልሳል ኣየቋረጸን።

ከምዚ ኢለ ንኸንደይ ደቓይቕ ከምዝጸናሕኩ ኣይተረድኣንን። ኣብ ኢደይ ዝነበረት ሰዓት ኣብ ዝተመልከትኩሉ እዋን ንስራሕ ዝኸደሉ ግዜ ስለ ዝኣኸለ ተቡተብ ክብል ጀመርኩ። ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ድማ ብሉፀን ዘይብሉፀን ቁርሰይ ተመጊበ ንበረተይ ኣብ ቦርሳይ ጠራኒፈ ንስራሐይ ብዙብዙብ ኣምራሕኩ። ጉዕዞይ ልክዕ ከም ተምሳል'ቲ ጻጹ ንሓርጉትኮትን ህይወት ንምምዕራይን ቀጻልነታ ንምውሓስን ነበረ።

ካብ ስራሕ ናብ ቤተይ ዘምርሓሉ ግዜ ኣኺሉ። ድሕሪ'ዚ ምስ መኣርሕተይ እናዕለልኩ መንገዲ ተታሓሓዝኩዎ። ገይና ገዛይ ከይበጻሕኩ ድማ በቲ ብንምሆኡ ዝርኣኽዎ ጻጻ ክሓስብ ጀመርኩ። ንበረተይ ኣቓሚጠ ክዓውንተይ ቀያደረ ብቐልጡፍ ክምሳሕኣ እንተሓሰብኩ፡ ብሓሰበ'ቲ ጻጻ ግና ፍጹም ተጨነቕኩ። ዝበጽሐ ርሕቀት ክርኢ'ውን ተሃወኽኩ። ተርባጸይ መዐቀኒ ኣይነበሮ፣ እንታይ ይህውኸኒ ከምዝነበረ'ውን ክርድኦ ኣይክኣለን። ብቐጻበት ናብ'ቲ ብጊሓቱ ኣብ መንደቕ ተላሒጉ ዝጋደል ዝነበረ ጻጻ ተጸጋኹ። ከም ትጽቢተይ ኣብ'ቲ ዝገደፍኩዎ ኣይጸንሓን። እንተኾነ በቲ ብጾቱ ዝመላለስዎ ዝነበሩ መንገዲ ተኸቲለ ምስ ከድኩ፡ ነታ ክንዲ ፍረ ተሰኪምዋ ሰንደልደል እናበለ ኣብ ጥቓ ጉድጓዱ በጺሑ ምስ ረኣኹ፡ ጻዕሩን ሓርጉትኮቱን ኣብ መፈጸምታ ምብጽሑ ፍሽኽ ከም ዝበለ ገበረ።




ድሕሪ'ዚ ምስ ግዜኡ ኣብ ዲቕ ዝበለ ፍልስፍና'የ ጸሚደ። "ክንደይ ሰባት ኢና ሕልምታትናን ሓሳባትናን ኣጻፊፍና ስኣን ምብጋስና፡ ሰድሪ ከይሰጎምና ከም ዓንዲ ነቒጽና ዘለና። ብርግጽ ሕልምታትን ሓሳባትን መበለሲ ዓበይቲ ዕላማታት እየም። ግን ሐዚዝናዮም ኣብ ከቦርታ ተዓቢጥና ከም ሕልሚ ጥራይ ጠሚትና ሕልሚ ኮይኖም ንኽተርፉ ንፈርዶም። ኣብ ህይወት ክንሓልም መሰል ካብ ሃለወና፡ ሕልሚታትና ንምጭባጥ ገለ ተበግሶ ክንወስድ ምስ ዘይንፍትን ምሕላምና እንታይ ዋጋ ክህልዎ ይኽእል? እዚ እንተደኣ ኮይኑ ትርጉም ምሕላምና፡ ማይ ምሕቋን እዩ ዝኸውን። ስለዚ ሕልምታትና ጋህዲ ንምግባር ሎሚ ንበገስ! እቲ ምንታይሲ ምብጋስ ንባዕሉ ፍርቂ ምብጻሕ ስለዝኾነ።

ሓደ ህያው ኣብነት ናይዚ ድማ እቲ ብንምሆኡ ዝርኣኽዎ ጻጻን ሓርጉትኮቱን እዩ። ካብ'ዚ ናይ'ዚ ጻጻ ዝዓቢ ትምህርቲ የለን። ኮይኑ ድማ ስለ ዝተበገሰ ዋላ ጉዕዞኡ ይጸንክር ኣብ ዓወት ኣብጺሕዎ። ምናልባት እዚ ጻጻ ንዓይ ብዘየርድኣኒ ቋንቋ ኣብ ዓወት ምብጽሑ ይጭድር ነይሩ ይኸውን። ከምቲ ቀዳሞት፡ 'ነዊሕ ጉዕዞ ብሰጉሚ'ዩ ዝጅምር' ዝበልዎ፡ ሰጉምቲታት እንተ ተደሚሮም ድማ እዩ ነውሓት ጉዕዞ ኣጻፊፎም ክሳብ ኣብ ናይ መወዳእታ ዕላማ ክበጽሕ ዝከኣል።

ስለዚ ድማ ነውሓት ጉዕዞና ብዘየገድስ ሎሚ ንበገስ። እቶም ኣብ ውሽጥና ዓቢጥናዮም ዘለና ሕልምታትና ክጋሃዱ እቲ ሰጉሚ ሕጂ ንጀምሮ። ካብ ናይ ሕልምን ናይ ሓሳብ ዓለምን ወጺእና ናብ ጋህዲ ዓለም ንእቶ። ክሳብ ሕጂ ብዘይምብጋስ ዝተበጽሐ ጉዕዞ የለን። ገይና ብሕጂ'ውን ኣይክብጻሕን'ዩ። ምብጋስ ፍርቂ ምብጻሕ'ዩ። ሰጉሚ እንተጀሚርና፡ ርሕቀት ዕላማታትና እናሓጸረን እናቐረበን'ዩ ዝኸይድ'ሞ፡ ንበገስ..."

## ንልቦና

"መርዓ ከም ትልሚ ደኣ'ምበር ከም መፈጸምታ ትወስዶ እንተኾንካ፡ ዕውት ሰብ ናይ ምኻን ዓቕምኻ ብጠዙእ ፍቓድካ ትቕብሮ ከም ዘለኻ ክትፈልጥ ኣለካ" **ዘይተፈልጠ**


"ህይወት ኩሉ ግዜ ኣብ ንብዓትን ፍሽኽታን ክትጸንሕ'ያ ዝደልያ። ምኽንያቱ ፍሽኽታ ናብ ደቂሰብ ስለዘቐርበ። ንብዓት ድማ ምስ ዝተሰበረ ልቢ ዘለዎም ስለዘላትብረ" **ከሊል ጂብራን**

"ንሞት ኣይትፍራሕ፡ ክልተ ሞት ከይትመውት ግና ሰናይ ነገር ስራሕ" **ዘይተፈልጠ**

"እቲ ዘሕዝን ነገር ግን ንሰባት ከም ዝፈትዊኻ፡ ከም ዝርድኡልካ፡ ከምዝፍቅሩኻ፡ ከም ዝቕበሉኻ ወይ ሕያዎት ከም ዝኾኑልካ ክትገብሮም ኣይትኽእልን ኢኻ። እቲ ዘሐጉስ ነገር ከኣ ነዚ ኹሉ ምግባር ኣየድልየን'ዩ" **ዘይተፈልጠ**

"ውድቀት ክቕበል ይኽእል እየ። ምኽንያቱ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ኣብ ሓደ ነገር ይፈሽል'ዩ። ዘይምፍታን ግና ክቕበል ኣይክእልን'የ" **ማይክል ጆርዳን**

## ኩርናዕ ስእሊ




## ክምዚ'ውን ኣሎ

ኣብ ኣህጉራዊ መዓልቲ ጸረ ብልሽውናን ምጥፍፋእን 9 ታሕሳስ 2022 ዘጋጠመ ኣገራሚ ፍጻመ እዩ። ኣብ ህንዲ ኣብዚ ዝተጠቕሰት መዓልቲ ብዙሓት ሰበ ስልጣንን ምሁራት ኣካላት ናይ ዝተፈላለየ ኣውራጃታትን እየም ተረኺቦም ነይሮም። በዚ መሰረት ንምጥፍፋእን ብልሽውናን ዝቃወም ሰፊሕ መብርሆን ንጥፈታትን ዝሓዘ ኣስተምህሮ'ዩ ክወሃብ ወዓሉ። ኒቲ መደብ ዝመርሖን ከም ቀንዲ ጠቕላሊ ኣቦ መንበር ጸረ ብልሽውናን ምጥፍፋእን ናይ ሓንቲ ኣውራጃ ብምኻን መደረታት ከሰምዕ ዝወዓለን በሩላ መና ዝተባህለ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ድማ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጸፍሒ ዝርከቡ ኣካላት ዘኩይድምን ከኩይድዎ ዝፍትኑን ንጥፈታት ብትሪ ብምቅዋም፡ ብዝዕባ ናብ ሕጊ ዝቐርበሉ መንገዲታት ዝርዝራዊ መብርሂ ክህብ ወዓሉ።

እቲ በዚ ውልቀሰብ ዝወሃብ ዝነበረ ትሕዝቶ፡ ብሓቂ ንቕሓት ህዝቢ ዘርኽብን ኣብ ምክልኻል ብልሽውና ድማ ዓቢ ተራ ክህልዎ ከምዝኽእልን ብኹሉ ተሳታፊ ተመስኪሩሉ እዩ። እንተኾነ ኣይ ቅድም ኣይድሓረ፡ በሩላ መና ድሕሪ ምዝዛም ጽምብል መዓልቲ ብልሽውናን ምጥፍፋእን ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰዓት ዘይመልእ ግዜ ገቦ ክቕበል ኣብ ዓይኒ ካሜራ ጋዜጠኛታት እዩ ክኣቱ ክኢሉ። እዚ ኾኑ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ጸረ ብልሽውና፡ ካብ ሓደ ጉዳይ ክሰልጠሉ ዝሓትት ዝነበረ ሰብ ናይ ኣስታት 80 ሽሕ ሩፒ እናተቐበለ'ዩ ተታሒዙ። እቶም በቲ ደብል ዝበለ ትሕዝቶ መደረታቱ ሓጎሶም ክገልጹ ዝጸንሑ ተሳተፍቲ ድማ ኒቲ ኩነታት ምስ ሰምዕዎ ብቐጻበት ካብ ስልጣን ክብረርን መተካእታኡ ክምረጽን ዝጠልብ ጸውዒት ከምዝቐረቡ ይንገር። "ዝሕፍር ተግባር'ዩ። ኣብ ከምዚ ደረጃ ዝርከብ ሰብ ኪጋጊኻ ባህርያዊ እንተኾነ ኣብታ ንጸረ ብልሽውና ንቃወመላ መዓልቲ ከምዚ ዝበለ ነገር ኪጋጥም ብሓቂ ማዕረ ክንደይ ብብልሽውና ዝተቖማጠዐ ምኻኑ ኣርእዩና። ብሓፈሻ ሰባት ካብ ቃላቶም ተግባሮም ዘገድሰሉ ግዜ ከምዝበጽሕና ይስወጦ" ክብል ሓደ ካብ ተሳተፍቲ'ዛ ዕለት ተዛሪቡ።



ኣህጉራዊ መዓልቲ ብልሽውና ኣብ 9 ታሕሳስ ትጽምበል ኮይና፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ዶክተር ማሓመድ ናዋዘ ሸኽ ኣቦ መንበርነት ሐ.ዞ ይመርሖ ኣሎ። ኣህጉራዊ ጸረ ብልሽውና ንፈለማ ግዜ ብሞንእካላይ ባይቶ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ 31 ጥቅምቲ 2003 ተመስሪቱ።

## ስራሕ ክትስእን ከለኻ

ደቂሰብ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ስራሕ ክስእኑ ምርኣይ ልሙድ እናኾነ ክመጽእ ጀሚሩ እዩ። ብፍላይ ሓደ እዋን ቁጠባዊ ዝቕበብ ዝጠንቁ ብዙሓት ሰራሕተኛታት ካብ ስራሕ ይሰጎጉ ነበሩ። ብኸምዚ ዓቕሎም ዝጸበቦም መንእሰያት፡ ብገለ ሸነኹ ዘሰላስልዎ ንጥፈታት ኣቓልቦ ሰባት ንምስሓብ ዘይገበርዎ ኣይነበረን። ምስዚ ኣብ ዝተኣሳሰር ኩነት ኣብ ማሕበራዊ መድያታት ካብ ዝተረኽበ ዛንታ ከምዚ ይብል። ሓደ ካብዞም መንእሰያት ካብቲ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ትካል ስለዝተሰጎ'ሞ ዝሰርሖ ስለዘይነበሮ፡ ገለ ነገር ክገብር ብምሕላን ኣብ ጥቓ ገዝኡ ሽኮር ኮሚሩ ኣብ መሬት ኣፍሰሶ። ከም ትጽቢቱ ሓደ ጻጻ በቲ ሽኮራዊ ነገር ተሳሒቡ ድሕሪ ምምጽኡ ዓቕሙ ኣልዒሉ ተዓዚሩ። ነዚ ንጥፈታት ተመሲጡ ክዕዘብ ዝጸንሐ እቲ ስራሕ ዝሰኣነ መንእሰይ፡ ኒቲ ኣብ መሬት ዘፍሰሶ ሽኮር ብዘይ ዋላ ሓደ ተረፍ ኩሉ ከሲቲ፡ ሓፊሱ። ኣብ ከምዚ ሃዋህው ሓደ ኣብ ጎድኑ ዝነበረ መንእሰይ እንታይ ይገብር ከምዝነበረ ተገሪሙ ሓቲትዎ። ንሱ ድማ ነቲ ሽኮር ይሓፍሶ ከምዝነበረ ሓቢሩ። "እዋእ ባዕልኻዶ ኣይኮንካን ዘፍሰስካዮ፡ ሕጂ ደኣ ንምንታይ ከምኡ ትገብር ኣለኻ?" ክብል ሓቲትዎ። እቲ መንእሰይ ዝሃቦ መልሲ፡ "እቲ ጻጻ ብልክዕ ካብዚ ሽኮር ሐዙ ድሕሪ ምኻዱ ንብጾቱ ሽኮር ዝርከበሉ ሰፍራ ከምዝነግሮም ከምዘሕብሮም ፍጹም ጥርጥር የብለይን። ስለዚ ኣነ



ከኣ'ዚ ጻጻ 'ሓሳዊ' ክብሎ ኢለ፡ ካብ ዝብል ሓሳብ'የ ከምዚ ዝገብር ዘለኹ" ክብል መለሰ ይበሃል። ስራሕ ክትስእን ከለኻስ ዘይትሓስቦን ዘይትገብሮን እብ የለን። በዚ ሓሳብ ዝተገረመ ገለ መንእሰያት ድማ "ኣቤት ብልሒ!! ከምዚ ዝበለ ኣተሓሳስባ ከሎካስ ከመይ ኢልካ ንሸኻ ስራሕ ትስእን!?" ብምባል ሓሚጌጨ ርእይቶ ከስፍሩ ከምዝተሰምዑ ይንገር።

## ምስላታት ትግርኛ

- ልብና ሰንቅና በለ ኳሽ።
- ልቦም ባሕሪ፡ ብዓይኖም ጓህሪ።
- ማስተወዓሊ ቀሳሚ፡ ህዉኽ ጉላሚ።
- ናይ ልቡ ዝገብር ኣይንደር።
- ኣብ ትሕቲ ጨርቃም ከዳን ጥበብ'ውን ኣሎ።
- ንሕማም ርእሲ ዓው በለለ፡ ንቕርጸት ከብዲ ብልዓለ።
- ክሓምሙ ብበኺያት፡ ክሞቱ ብኣውያት።

ኣከባቢ

# ገንዘብ ዘይክፈሎ - ከቢድ ዋጋ ዝኽፍል

ፕላስቲካዊ ከረጺት ማለት ፈልታል ብምውህሃድ ብዙሓት ትሑት ሕፍሶት ዘለዎም "እትይሊን" ዝተባህሉ ቀመማት/ ኮምፓውንድ ዝዋሎ ሓደ ካብ ዓይነታት ፕላስቲክ እዩ። ረቂቕ ፈልታል ምስ ምምዕባል ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ዝተቐልቀለ ኮይኑ ኣብ ዝሓለፈ 50 ዓመት፡ ተጠቃምነቱ ኣብ መትዓብሮ ወዲሰብ ብልዑል ናህሪ ዝዓረገ ከም ምኽኡ ጽሩይን ሕሱርን መትሓዚ ንመግቢ፡ ቀመም፡ መድሃኒት፡ ጕሓፍ ወዘተ. ተቐጺሩ፡ ኑዩም ቅድሚኡ ዝነበሩ መዐቀብታት ከም በዓል ጥርሙስ፡ ስርሓት ካይላን ጨርቂን ካልኦትን እናተክአ ብስፉሓት ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ዝጀመረ ፍርያት'ዩ። ብደረጃ ዓለም፡ ዓመታዊ ክባቢ 500 በልዮን ረቂቕ ፈልታል ይፈሪ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ፕላስቲክ ዘይምርኩስ መትዓብሮ ወዲ ሰብ ኣሎ ክበሃል ዳርጋ ኣይክኣልን። ካብታ ንጽሕፈላ ብርዒ ወይ ፒሮ ክሳብ ገበር ናይ ሞባይልና ብፕላስቲክ ዝተሰርሐ'ዩ። እዚኦም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ፕላስቲክ እንተዘይህልዉ፡ ህይወት ወዲ ሰብ ኣብዚ ዘመናዊ መዋእል ኣጸጋሚ ምኾነ።

ዓመታዊ ብገምጋም ክባቢ 300 ሚልዮን ቶን ዝኽበደቱ ፕላስቲክ ከም ዝፈሪ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣከባብያዊ ፕሮግራም መጽናዕቲ የመልክት። እዚ ክንዲ ክብደት ምሉእ ህዝቢ ዓለም ምኻኑ'ዩ። ኣብ ዚመጽእ 20 ዓመታት ከኣ ብዕጽፈታት ክውሰኽ ከምዝኽእል ተመራመርቲ ይትንብዩ።



ቻይና እታ ዝለዓለት ፕላስቲክ እተፍሪ ሃገር ኮይና፡ ሓደ ሰሶ ካብ ጠቕላላ ፍርያት ፕላስቲክ ዓለም ተፍሪ።

ፕላስቲክ ረብሓታቱን ተጠቃምነቱን ርዱእ ኮይኑ፡ ኣከባብያውን ጥዕናውን ጽልዋታቱ ግን ኣዝዩ ኣሉታዊ እዩ። ፕላስቲክ ብፍላይ ረቂቕ ፈልታል ሙብዛሕትኡ ግዜ ሓንሳእ ተጠቒምካ ዝድሓፍ'ዩ። ብደረጃ ዓለም ክርአ ከሎ ዕምሪ ተጠቃምነት ፕላስቲክ ብገምጋም 12 ደቃይቕ ጥራይ እዩ። ዝበዝሕ እዋን ፈልታል ከም መትሓዚ ኣስቤዛ ወይ ዝኾነ ነገር ምስ ተጠቐምናሉ፡ ደጊምና ኣይንጥቀመሉን ኢና። በዚ ምኽንያት ዓመታዊ ሚእሊያ ዘይብሉ ፕላስቲክ እናፈረየ ብበልዮን ቶናት ዝግመት ጕሓፍ ናብ ኣከባቢ ይሕወስ ኣሎ። ካብ 1950 ንድሓር ልዕሊ 8.3 በልዮን ቶን ፕላስቲክ ከምዝፈረየ መጽናዕታት ይሕብሩ። ብኽብደት ልዕሊ 80,000 ዕጽፊ ናይቲ ኣብ ፓሪስ ዘርከብ ግንቢ ኣይፈል እዩ። 79% ካብዚ ብፍንው ኣንቡብ እናተደርበየ ጠንቂ ብከላ ኣከባቢን ማያዊ ኣካላትን ይኾውን። በዚ እንተቐጺሉ፡ ጕሓፍ ፕላስቲክ ብልዑል ዓቐን ከምዝውሰኽ ተመራመርቲ ይትንብዩ። መጽናዕቲ ዎርልድ ኢኮኖሚክ ፎረም፡ ንመዕሸጊ ኢሉ ካብ ዝዋሎ ፕላስቲክ፡ 32 ሚእታዊት ዓመታዊ ናብ ውቅያኖሳት ይኣቱ። ሓደ ምሉእ ጽዕነት ዓባይ መኪና ዝኸውን ጕሓፍ ፕላስቲክ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ደቒቕ ናብ ውቅያኖስ ይጸንበር ማለት'ዩ። ኣብ ምሕደራ ጕሓፍ ፕላስቲክ ለውጢ እንተዘይመጺኡ ድማ፡ ኣብ 2050 ብዝሒ ፕላስቲክ ኣብ ውቅያኖሳትን ባሕርታትን ካብ ዓሳታት ክበዝሕ ምኻኑ ውድብ ሕቡራት ሃገራት የጠንቅቕ።

ብደረጃ ዓለም ቻይና፡ ኣመሪካ፡ ጀርመንን ብራዚልን እተን ዝለዓላ ፕላስቲክ ዘህልኻ ሃገራት እየን። ብዝሒ ጕሓፍ ፕላስቲክ ብመንጽር ብዝሒ ህዝቢ ክርአ ከኣ ኩወይት፡ ጉያና፡ ጀርመን፡ ኔዘርላንድ፡ ኣየርላንድን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ኣብ ቅድሚት ይስርዓ። ኣብ 1974፡ ዓለምለኻዊ ፍርያት ፕላስቲክ ብመንጽር ውልቀሰብ ዓመታዊ 2 ኪሎ ግራም ጥራይ'ዩ ነይሩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ናብ 43 ኪሎ ግራም ደይቡ ኣሎ። ኣብ ዚመጽእ ዓመታት ከኣ ብዕጽጽፊ ክውሰኽ እዩ። ምኽንያቱ ፕላስቲክ ዘፍርያ ዘለዋ ትካላት፡ ፍርያተን ኣብ ዚመጽእ 5 ዓመት ብልዑል ዓቐን ክውሰኻሉ ምኻነን ይገልጻ ኣለዋ።

ጕሓፍ ፕላስቲክ ጽባቐ ኣከባቢ ካብ ምድዋን ሓሊፉ ጥዕናውን ኣከባብያውን ጸገማቱ ከቢድ'ዩ። መጽናዕታት ከምዝሕብርዎ፡ መንሽሮ፡ ምዝንባዕ ናይ ሆርሞናትን ዘይልሙድ ወሊድን እተፍም ቀንዲ ንጥዕና ወዲ ሰብ ኣሰጋእቲ ዝኾኑ ፕላስቲክ ዝጠንቀም ሕማማት እዮም። እስከ ገለ ሓቅታት ብዛዕባ ፕላስቲክን ብሰንኩ ዝኸሰቱ ጥዕናውን ኣከባብያውን ጸገማት ንመልከት. . .

### 1. ፕላስቲክ፡ ወጽኢት ፐትሮልየም (Petroleum) እዩ

መፍረ ፕላስቲክ ሙብዛሕትኡ ኣብ ፐትሮልየምን ኣብኡ ካብ ፐትሮልየም ዝምስርሑ ፐትሮኬሚካውያን ቀመማትን (petrochemicals) ይምርኮስ። ንመፍረ ፕላስቲክ መዓልታዊ 12 ሚልዮን በርሚል ዝበጽሕ ነዳዲ ኣብ መዓላ ይውዕል። እዚ ድማ 8% ካብ ጠቕላላ ጸጋ ፐትሮልየም ናይ ዓለምና ይሸፍን። ፍርቂ ካብዚ ጥረ-ነገር መመስርሒ ፕላስቲክ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ዝተረፈ ንመስርሒኡ ዜድሊ ጸዓት ዘመንጨ'ዩ። በዚ ድማ፡ ፕላስቲክ ሓደ ካብቶም ጠንቂ ምውሳኽ ዋጋ ነዳዲ እናኾነ ይመጽእ ምህላዉ ብዙሓት ተመራመርቲ ይምጉቱ። ክንደዚ ዝኣክል ጸጋታት ዓለም ኣጥፊኡ ነዊሕ ክየገልገለ ኣብ ውሽጢ ደቃይቕ ዚጕሓፍ ምኻኑ ድማ የሕዝን።

### 2. ሞት ህይወታውያን (እንስሳታት)

ሙብዛሕትኡ ዝጕሓፍ ፕላስቲክ ናብ ማያዊ ኣካል ማለት ናብ ውቅያኖሳትን ኣፍላጋትን'ዩ ዝጸንበር። ብዙሓት እንስሳታት፡ ብፍላይ ድማ ዓሳታት ረቂቕ ፈልታል መዱዛ (Jelly Fish) ኮይኑ ስለዘመስሎም ይበልዕዎ። ኣብ ኣካሎም ኪሓቕቕ ስለዘይክእል ድማ ኣብ ከስዖም ይእከብ። ብሰንኩ ድማ ቅድሚ ግዚኦም ይሞቱ። 'ዎርልድ ዋይድ ፋንድ ፎር ኔቸር' ዝተባህለ ኣብ ምዕቃብ ኣከባቢ ዝጥፍ ዓለምለኻዊ ትካል ከምዝሕብሮ፡ ብሰንኪ ፕላስቲክ ዓመታዊ ክባቢ 100,000 ዝበጽሑ ዓሳነባሪ፡ ጉበየ ባሕሪ ከምኡ'ውን ዓሳ ዝምገቡ እንስሳታት ባሕሪ ይሞቱ። ኣብ ህንዲ ዓመታዊ ብዙሓት ኣሓ ፕላስቲክ በሊዐን ይሞታ። እቲ ዝኸፍአ ድማ፡ እቶም እንስሳታት ሞይቶም ኣካሎም ምስ መሽመሸ፡ እቲ ዝበልዕዎ ፕላስቲክ ዓቐኑ ከይጎደለ ኣብ ኣከባቢ ዘጸንሕ ምኻኑ እዩ። ካልኦት እንስሳታት ከኣ ንዕኡ በሊዖም ይሞቱ።

### 3. ተወሰኽቲ መርዛም ቀመማት

ፕላስቲክ ተሪር፡ ተዓጻጻፍን ድልዱልን ንኪኸውን ተባሂሉ ዚተፈላለየ ቀመማት ይሕወሶ'ዩ። እዞም ቀመማት እዚኦም፡ ፕላስቲክ ክይመሽመሸ ኣብ ኣከባቢ ነዊሕ ከምዝጸንሕ ዝገብሩ በቲ ቀመማት እዮም። ባይስፌኖል (BPA) ሓደ ካብቶም ፕላስቲክ ዝያዳ ተዓጻጻፍን ድልዱልን ክኸውን ዝሕግዝ ቀመም እዩ። እዚ ቀመም'ዚ ኣብ ጥዕና ዘለዎ ሃስያ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። መጽናዕቲ ከምዝጸረዮ፡ መግቢ ዝሓዘ ፕላስቲክ ንልዑል ሙቐት ኣብ ዝቃልዐሉ ግዜ፡ ባይስፌኖልን ካልኦት ቀመማትን ምስቲ መግቢ ይጸንበሩ'ሞ፡ ከም በዓል ኣልሰር፡ ኣዝሞ፡ ልዑል ሚዛን ስብኦት፡ መንሽሮ፡ ሽኮርያ፡ ጸላም ኩብዲን ሕማም ልብን ዝኣመሰሉ ሕማማት ከስዕቡ ይኽእሉ። ንእንስሳታት ከኣ ናይ ምፍራይን ናይ ምምዕባልን ዓቕሞም የጉድሎ። ውድብ ጥዕና ዓለም ከም ዝገልጾ ነፍሰ ጾር ኣደ ንልዑል ጸዕቂ ባይስፌኖል ምስ እትቃላዕ እቲ ዝውለድ ዕሸል ብናይ ሳንቡእ ጸገም ክጥቃዕ ተኽእሎኡ ዓቢ እዩ።

### 4. ምብካል ትሕተ-ባይታዊ ማይ

ብሰንኪ ኣከባብያዊ ብከላን ካልኦት ኣከባብያዊ ብድሆታትን፡ ቀረብ ውሑስን ጽሩይን ዝስተ ማይ፡ ሓደ ካብ ቀንዲ ብድሆታት 21 ክፍለ ዘመን ኮይኑ ኣሎ። ጽልዋ ፕላስቲክ ኣብ ምብካል ማይ ዓቢ እዩ። ገለ ካብቶም ኣብ ፕላስቲክ ዘርከቡ ሓደገኛ ቀመማት ዋላ`ቲ ፕላስቲክ ምስ ተጓሕፈ ካብኡ ብምዝራቕ ናብ ትሕቲ ባይታዊ ማይ ይሕወሱ። ምጽራይ ከይተኻየደሉ ህይወታውያን ነዚ ማይ'ዚ ኣብ ዝሰትዩሉ ድማ ኑዩም ኣቕዲሞም ዝተገልጹ ጥዕናዊ ጸገማት ኪቃልዑ ይኽእሉ።

### 5. ጠንቂ ክሊማዊ ለውጢ

ዝኾነ ዓይነት ፕላስቲክ/ፖሊመር ንጽርጊ፡ ጸሓይ ምስዝቃላዕ ሚተይንን ኢታይሊንን ዝተባህሉ በኪዕቲ ጋዛት የመንጩ። ሚተይን ሓደ ካብቶም ጠንቂ ክሊማዊ ለውጢ ዝኾኑ በኪዕቲ ጋዛት እዩ። ኢታይሊን ድማ ምስ ካልኦት ጋዛት ብምጽንባር፡ ጠንቂ ክሊማዊ ለውጢ ዝኾነ ካርቦንዳይኦክሳይድ ዘመንጩ ዓይነት ጋዝ'ዩ። ኩሎም ዓይነታት ፕላስቲክ ነዚም ጋዛት የመንጭዉ'ኳ እንተኾኑ፡ ፈልታል ግን ዝያዳ ካልኦት ዓይነት ፕላስቲካት፡ ልዑል ዝዋቐ ሚተይንን ኢታይሊንን ናብ ኣከባቢ ይፍኑ። ብገምጋም ካብ ሓደ ግራም ረቂቕ ፈልታል 5.8 ሞል ሚተይን፡ 14.5 ሞል ኢትይሊን፡ 3.9 ሞል ኢተይን ከምኡ'ውን 9.7 ሞል ፕሮፒሊን ይትፋእ።

### 6. ምፅጻው መትረብት ፈሳሲ

ተጠቃምነት ፕላስቲክ ብገምጋም 12 ደቒቕ ጥራይ እኳ እንተኾነ፡ ንኽምሽምሽ ግን ልዕሊ ሓደ ሽሕ ዓመታት ከምዝወስድ ተመራመርቲ ይገልጹ። በዚ ድማ ፕላስቲካት ኣብ መትረብት ፈሳሲ ብምእካብ ምፅጻው መትረብን ካልእ መተሓላለፊን ከስዕቡ ይኽእሉ። እዚ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ብፍላይ ድማ ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ጠንቂ ዝተፈላለዩ ሓደጋታትን ዘይብቑዕ ምሕደራ ጕሓፍን ኮይኑ ይርከብ።

### ኣንቡብ ምሕደራ ፕላስቲካዊ ጕሓፍ

ሊቃውንቲ ሳይንስ ውሑስ ምሕደራ ናይዞም 'ጸዕዳ ብከላ' ተባሂሎም ዝጽውዑ ፕላስቲካዊ ጕሓፍ ንምፍጣር ቀጻሊ ምርምርን ፈተነታትን ክካይዱ'ኳ እንተጸንሑ ከሚቲ ዝድለ ኣይሰለጦምን። ዳግመ-ምምስራሕ (Recycle) ከምኡ'ውን መንደድ ጕሓፍ (Incinerator) እቶም ኣብዚ እዋን ዘለዉ ልሙዳት ኣገባብት ምሕደራ ፕላስቲካዊ ጕሓፍ እዮም። ዳግመ-ምምስራሕ ኣከባብያዊ ጽልዋን ምብኻንግ ጸጋታትን ክጎኪ ዝኽእል'ዩ። ኣብ ዓለም ዳግመ-ምምስራሕ ዝጀመረ ኣብ 1980 እዩ። ቅድሚኡ፡ ኩሎም ዝፈርዩ ፕላስቲክ ናብ ኣከባቢ እዮም ዝጕሓፉ ነይሮም። ኣብዚ እዋን'ዚ ዳግመ-ምምስራሕ ፕላስቲካት እናዓበየ ይኸይድ ኣሎ። እዚ ኣብቶም ዓበይቲ ፍርያት ፕላስቲክ ኮይኑ፡ ከም ረቂቕ ፈልታል ዝኣመሰሉ ትሑት ሕፍሶት ዘለዎም ፕላስቲካት ንምምስራሕ ዚተጉበሩ ፈተናታትን መጽናዕታትን ግን ከሚቲ ዝድለ ወጽኢትን ኣድማዕነትን ኣይተረኽበሉምን። ሙብዛሕትኦን ሃገራት ንረቂቕ ፈልታል መንደድ ጕሓፍ (Incinerator) ተጠቒምካ ምውጋድ ዝሓሸ ኣማራጺ ምኻኑ ይኣምና። እንተኾነ ግን እዚ እውን ብዙሕ ጸዓት ዘህልኽን ልዑል ፋይናንሳዊ ወጻኢ ዝጠልብን ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ዚተፈላለዩ ንኣከባቢ ዝበከል ጋዛት ስለዘመንጩ፡ ንባዕሉ ካልእ ብድሆ እዩ። ኣብ 2015፡ ኣብ መዓላ ካብ ዝወዓሉ ዓይነታት ፕላስቲክ 25% ኣብ መንደድ ጕሓፍ ክቃጸሉ ከለው፡ 20% ዳግም ተመስሪሖም። እቶም ዝተረፉ 55% ድማ ናብ ኣከባቢ ተጓሒፎም። እዚ ኣሃዝ፡ ብመንጽር ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመታት ክርአ ከሎ ድሓን'ኳ እንተመሰለ፡ እቲ ስክፍታ ገና ዓቢ እዩ።



ብሓፈሻ ሃገራት ኤውሮጳ፡ ሰሜን ኣመሪካ፡ ኣውስትራልያ፡ ኒውዚላንድ፡ ጃፓን፡ ደቡብ ኮርያ ዝሓሸ ምሕደራ ፕላስቲክ ዝኽተላ ሃገራት ኪኾና ከለዋ፡ ሃገራት ደቡብ እስያ ከምኡ'ውን ኣብ ትሕተ ሳህራ ዝርከባ ሃገራት ትሑት/ ዘይብቑዕ ኣንቡብ ምሕደራ ይኽተላ። ኣብዘን ሃገራት 80- 90% ዝበጽሕ ዘገልገለ ፕላስቲክ ይጕሓፍ፥ ናብ ወሓይዛትን ውቅያኖሳትን ብምእታው ድማ ማያዊ ኣካል ይበክል።

ኣብዚ እዋን'ዚ ሃሰያ ረቂቕ ፈልታል ዝተገንዘቡ ዓበይቲ ትካላት፡ ግሮሰሪታት ወልቀሰባት ምስ ኣከባቢ ዝሰማምዑ መትሓዚታት/ከረጺታት ክጥቀሙ ይርኣዩ ኣለዉ። ብጨርቂ፡ መሸማዕ ወረቐትን ካልኦት ቀልጠፍም ክምሽምሹ ዝኽእሉ ጥረ ነገራት ዝተዳለዉ ከረጺታት ንፈልታል ተኪኦም ኣብ ዕዳጋታት ተዘርጊሖም ይርከቡ። እዞም ምስ ኣከባቢ ዝሳነዩ ፍርያት፡ ኪንጆ'ቲ ኣብ ጥዕናን ኣከባቢን ዘለዎም ረብሓ፡ ድልዱላትን ንነዊሕ ክገልግሉ ዝኽእሉን እዮም። ነዚ ዝተገንዘባ ሃገራት፡ ረቂቕ ፈልታል ኪኽልከላን ሐዞም ዚተረኽቡ ወልቀሰባት ኮነ ትካላት ካብ ገንዘብ ክሳብ ማእሰርቲ ዝበጽሕ ፍርዲ ክበይኖሎም ዜኽእል ሕጊ ከጽድቃን ይርኣያ ኣለዋ። ንመጀመርታ ግዜ ከምዚ ዓይነት ስጉምቲ'ዚ ዘወሰደት ባንግላደሽ ኮይና፡ ኣብ 2002 ኑቲ ሕጊ ዕላዊ ገይራቶ። ክሳዕ ሕጂ ድማ 94 ሃገራት፡ ተጠቃምነት ንኣከባቢ ሃሳዪ ዝኾነ ፍርያት ፕላስቲክ ከልኪለን ኣለዋ።

ከምዝፍለጥ መንግስቲ ኤርትራ ንተጠቃምነት ረቂቕ ፈልታል ዝኽልክል ሕጋዊ ኣዋጅ ኣብ 2002 ኣውጺኡ፥ ድሒሩ ድማ፡ ነቲ ዘወጸ ኣዋጅ ብምምሕያሽ ኣብ 2004 ሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 99/2004 ብምእዋጅ ከሰርሓሉ ጀሚሩ'ዩ። እዚ ካብ 17 መስከረም 2004 ጀሚሩ ግብራዊ ዝኾነ ሕጋዊ ምልክታ፡ ዝኾነ ብፍርያት ፕላስቲክ ፖሊኢትሊን ዝስራሕ ርጉዱ ካብ 0.1 ሚሊ. ሜትር ዘይዛይድ ረቂቕ ፈልታል ኣብ ኤርትራ ከይፈሪ፡ ከይኣቱ፡ ከይሽየጥን ከይዝርጋሕን ዚኽልክል'ዩ። ሳላ'ቲ ዝተወሰደ ስጉምቲን ምትሕብባር ህዝብን ከኣ፡ ተጠቃምነት ረቂቕ ፈልታል ዘይከም ኣብ ካልኦት ሃገራት፥ ኣብ ሃገርና ኣብ ድሓን ደረጃ ኣሎ። እንተኾነ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ተጠርዩ ዘጸንሐ ንቕሓት ንድሕሪት ዚመልስ ተግባራት ይርአ ኣሎ። ትካላት ንግዲ፡ ሰባት ኑዩም ምስ ኣከባቢ ዚሳነዩ መትሓዚታት (ከም በዓል ጀንበል፡ ባኬት፡ ሳንጣን ካልኦትን) ኪገድፉን ረቂቕ ፈልታል ኪጥቀሙን ዜተባብዕ ኣካይዳታት ይኽተላ ኣለዋ። ኣተግበርቲን ተቖጻጸርትን ኣካላት መንግስቲ ከኣ ክንብሩዎ ዘጸንሑ ቁጽጽር ሃሲዩ ኣሎ። በዚ ድማ ምስ ኣከባቢ ዚሳነዩ መትሓዚታት፡ ሰባት ክጥቀምሉም እናደለዩ እውን ካብ ዕዳጋታት እናጠፍኡ ይኸዱ ኣለዉ።

ፈልትል ኣብ ጥዕናን ኣከባቢን ዘውርዶ ከቢድ ሃሰያ ብምርዳእ እምበኣር፡ ጨሪሶ ንምውጋዱ ኢደይ ኢድካ ኪንበል እዋኑ'ዩ። ኣተግባበርቲን ተቆጻጸርትን ኣካላት መንግስቲ ንትግባረ ናይቲ ዝወጸ ኣዋጅ ክተግሁ ይግባእ። ትካላት፡ ድኳናትን ካልኦት ወሃብቲ ኣገልግሎትን፡ ብሕቡእ ዝጥቀምሉ ፈልታላት ንጥዕናን ኣከባቢናን ዘሎ ምኻኑ ብምግንዛብ፡ ሰባት ኑዩም ዝሓሹ ኣማራጺታት ኽጥቀሙ ክተባብዑ ይግባእ። ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ኣብ ድሕነቱ ዝተሓለወ ኣከባቢ ኪነብር'ዩ ዝበሃግ። ስለዚ ድማ ምስኡ ዝመጣጠን ተበግሶ ኪወስድ ሓላፍነቱ'ዩ። ግቡዩን ንመጻኢ ዕድል ወለዶና ሃናዩ ዝኾነ ኣነባብራን መግትኢ ክንንብረሉ ይግባእ። ከመይሲ ጽባሕ ንግሆ፡ ጭጉራፍ ባዕላ ሃሪማ ባዕላ ተእዊ ከይኮና ክጥንቀቕ።

ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን

# ፍረ-ሰላም ‘ፍረ ደቃ’ ትሓፍስ

ዮናታን የዕብዮ
ኣ/ዜ/ዞ/ማእከል

ትምህርቲ እንተዘየለ ምሁር ኣካል የለን። ብዘይ ምሁር ኣካል ድማ ትህዝጽ ሃገር የላን። ብዘይ ትምህርቲ ዳርጋ ኩሉ ማሕበራዊ ናብራ ክሰለጥ ኣይክእልን እዩ እንተተባህለ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ስለዚ፡ ንኹሉም መሳለጥያታት ማሕበራዊ ፍትሒ ናይ ሓንቲ ሃገር መሰረቶም ትምህርቲ እዩ።

ትምህርቲ፡ ብስሩዕን ዘይስሩዕን ኣገባብ ክቕሰም'ኳ ዝከኣል እንተኾነ፡ ናይ ሎሚ ዛዕባና እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣቲኻ ዝርከብ ስሩዕ ትምህርቲ እዩ።

እቲ ዘይስሩዕ ትምህርቲ እንበሎ፡ ካብ ስድራቤት ዝጅምር እዩ።


መምህር ዮውሃንስ ሙሴ

ስድራቤት ናይ ፈለማ ቤት ትምህርቲ ናይቶም ኣብኣ ዝፈርዩ ቈልዑ እያ። ደቅና ዕድመኦም ኣኺሉ፡ ኣብ'ቲ ስሩዕ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ምስ ኣተዉ'ውን፡ ኣበርክቶ ወለዲ ፈጺሙ ክበዮ'ኽ ዘይብሉ ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ብሉጻት ተመሃሮ ደቅና ብኽልቲኡ ወገን እዩ ዝረጋገጹ። ድኹም ንዘበሉ ክንደግፍ፡ ንብሉጻት ድማ ከተባብዕ ከኣ ናይ ወለዲ ተሳታፍነት የድልየ።


ኣቶ ቴድሮስ ተኽለ

ብሰንበት 19 መጋቢት፡ ዝኢ ልዑል ኢልና ዝገለጽናዮ ብዘዮጋኡ ዘንጸባርቕ መድብ ኣብ ሲነማ ሮማ ተኣንጊዱ ነይሩ። እዚ ካብ ሓንቲ ካብ ኣብያተ-ትምህርቲ 16 ንኡሳን ዞባታት ዞባ ማእከል ተወዲቡ ዝቐረበ መደብ፡ ዕላማኡ ንብሉጻት ተመሃሮ ንምትብባዕን ንኻልኦት ተመሃሮ ድማ ቅዱስ ቅንኢ ንምሕዳርን ኮይኑ፡ ንመምህራንን ወለድን ድማ ክብሪ ዝሃበን ሓይራ ዘሰከፆም እዩ።

እዚ ኣብ ናይ 8ይ ክፍሊ ብሉጽ ውጽኢት ዝመዝገቡ ተመሃሮ ኣብ ቀጻሊ ትምህርቶም ንምትብባዕን ንኻልኦት ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ንምሕዳርን ዝተኻየደ ናይ ሽልማት ጽምብል፡ ብመባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት ትምህርቲ ፍሬ ሰላም እዩ ተወዲቡ።

ቤት ትምህርቲ ፍረ ሰላም፡ ቅድሚ ናብ ስሩዕ መደብ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ምእታዋ፡ ትካል መፍረ ማርሞን በሊቤትን ከምዝነበረት ይግለጽ። ብ1978 ከኣ ከም ቤት ትምህርቲ መባእታ ስርሓ ኣሃዱ ኢላ ጀመረት። ቀጺላ ኣብ 1981 ናብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ተሰጋገረ። ክሳብ ኑሓሰ 2021 ብኮም ትመሓደር ትካል ትምህርቲ ኮይና ክትሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ካብ ዓመተ-ትምህርቲ 2021-2022 ጀሚራ ድማ ብመንግስቲ ትመሓደር ኣላ።

ብምምሕዳርን መምህራንን ናይታ ቤት ትምህርቲ ብሶላ ዝዋገር ዕቱብ ምክትታል፡ ፍረ-ሰላም ንፉዓት ተመሃሮ ምፍራይ ቀጺላ ኣላ። ኣብቲ ዝተጠቕሰ ዕለት ድማ እዩ ወለዲ፡ መምሃራንን ተመሃሮን መባእታን ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ፍረ-ሰላም ንብሉጻት ተመሃሮ ንምትብባዕ ኣብ ሲነማ ሮማ ተኣኻኺቦም። ኣብ ሕቘፍኦም ንዓይንኻ ዝስሕቡ ዕንባባታት ዝሓዙ ብርክት ዝበሉ ተመሃሮን ወለድን ይረኣዩ።

ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብ 8ይ ክፍሊ ተመሃሮ ናይታ ቤት ትምህርቲ ዝበፁ ካብ 90 ክሳብ 99 ካብ ሚእቲ ነጥቢ ዘመዝገቡ 30 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 62 ሃብርም ተመሃሮ ናብቲ ገፊሕ ኣዳራሽ ክኣትዉ ከለዉ፡ ኣብ ገጾም ብሩህ መንፈስ ይንበብ ነይሩ። ብድምር ጻዕሪ ወለድን መምህራንን ናብ ዓወት ዝበቕዑ ሱብ ራኢ ዝኾኑ ተመሃሮ እዮም። ብዓበኡ ድማ እዞም ተመሃሮ ተስፋ ሃገርን ሕብረተሰብን ብምዃኖም ኩሉ ተሳታፊ ናይቲ ዕለት ብድሙቕ ጣቕዒት ተቐቢሎም።

ኣብ ኣዳራሽ ሲነማ ሮማ ድማ ንኽብሮ ባህልን ልምድን ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ናይ ሰላምታን እንቋዕ ኣሐጐሰናን መልእኽቲ ዝሓዘሉ ቃላት ካብን ናብን ወለዲ፡ መምህራንን ዕዱማት ኣጋይሽን ተቓሊሖ። ተመሃሮ እውን ብፍሽኽታን ሓጐስን ዝተሰነየ ሰላምታን ወኻዕኻዕን ክበሉ ይሰምዑ። እቶም ኣብ ሻሙናይ ክፍሊ በሊጽ ነጥቢ ሃገራዊ መርመራ ብምምዝጋብ ኣብ ከተማ ኣስመራ ተዘርጊሐን ናብ ዝርከባ ዝተፈላለያ ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዝተመደቡን ናይ 9ይ ክፍሊ ኣካዳምያዊ ትምህርቶም ኣብ ምክትታል ዝርከቡን ሃብርም ተመሃሮ እውን ኑሓድሕዶም ደሃይ ተጢያየቑ።

ኣብ ቤት ትምህርቲ ፍረ-ሰላም ዝሕለፋዎ ግዜ እንዝከሩ ድማ ከዕልሉ ተራእዮም። ኩሉ ጦታኡ ምስሓዘ፡ መራሒ መደብ ናይቲ ዕለት ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ሓጺር መልእኽቲ ኣቕረበ። ኣብቲ ዕለት ብዛዕባ ዝተሰርዐ መደባትን ዕላማኡን ድማ ንዕዱማት ድሕሪ ምቕራብ፡ መድረኽ ናብ ርእሰ መምህር ቤት ትምህርቲ ፍረ-ሰላም መምህር የውሃንስ ሙሴ ኣረከበ።

መምህር የውሃንስ፡ ኣብ ዘሰምዖ ናይ መኽፈቲ ቃል፡ ብዛዕባ'ታ ቤት ትምህርቲ ሓጺር ድሕረ ባይታ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብያተ ትምህርቲ ብሶላ'ቲ ብመንግስቲ ዝዋበረለን ዘሎ ኩሉ ዓይነት ምድግጋፋት፡ ቀንድን ኣገዳሲ መዐየሪን ዝኾነ ምፍራይ በሊጻት ተመሃሮ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ምህላወን ኣረዲኡ። ኣብያተ ትምህርቲ ብወሸጣዊ ዓቕመን ዘኾይድኦ ተመሃራይ ዘማእከለ ኣገባብ ትምህርቲ ንምምዕባል ይጽዕቱ ምህላወን ገሊጹ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ፍረ-ሰላም ዝኢ ንምዕዋት፡ ንሓያልነትን ካራትን መምህራን ተሞኩሮ ሞያ ምምህርና ዘቕሰም ሰልጠናታት ብዝዮዝሒ ከምዝውደቡ ኣሚሒሩ።

መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት ትምህርቲ ፍረ-ሰላም ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ስራሕ ምምሃር ምስትምሃር ዕቤት ንምምዝጋብ ከም ቀንዲ መሳርሒ ትጥቀመሉ፡ ሰለሳዊ ርክብ (ወላዲ፡ መምህርን ተመሃራይን) ምዃኑ ኣረዲኡ። እዚ ቀንድን ኣገዳስን ርክብ ኣብ ዓመታዊ መደብ ናይታ ቤት ትምህርቲ ተሰሪዑ ብዕቱብ ከምዝሰርሓሉ ድማ ገሊጹ። ብሶላ ብቐጻሊ ዝካየድ ዘሎ ሰለሳዊ ርክብ ድማ፡ ኣብ ዝሓለፈ 18 ዓመታት ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ንፈተና ካብ ዝቐረቡ 4682 ቁጽሪ ተመሃሮ 98 ሚእታዊት ክሓልፉ ከለዉ፡ 94 ተመሃሮ ከምዝተረፉ መምህር የውሃንስ ኣረዲኡ። ብሓፈሻ እታ ቤት ትምህርቲ ኣብ 2022 ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዝተፈተኑ ተመሃሮ ዝዕዓብ ውጽኢት ከምዝዓሞጹ እዩ ዝገለጸ።

ኣብቲ ናይ ዓሚ ፈተና፡ ካብ ዝተሳተፉ ተማሃሮ 26 ሚእታዊት ካብ 90 ክሳብ 99.2 ነጥቢ ብምምዝጋብ ብበሊጽ ነጥቢ ናብ 9ይ ክፍሊ ክሓልፉ ከለዉ፡ ካብ ጠቕላላ ሃገራዊ መርመራ ዝወሰዱ ተመሃሮኣ ድማ 97 ሚእታዊት ናብ 9ይ ክፍሊ ብምስጋር ምዱብ ትምህርቶም ኣብ ዝተፈላለያ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ይከታተሉ ኣለዉ።

መምህር የሃንስ ቀጺሉ፡ እቲ ዝተረኽበ ውጽኢት ሳላ ልዑል ምክትታል ወለዲ መምህራንን ተመሃሮን ዝተረኽበ ምዃኑ ድሕሪ ምርግጋጽ ንናይ ሎሚ ዓመት ዕውታት ሃብርም ተማሃሮ ስለቲ ጻዕሮምን ዘይሕለል ጻዕርን ምክትታልን ወለዲ ናብ ዝበረኸ ከማዕድዉ ምኽኣሎም ብስም ኩሎም መምህራንን ኮሚቲ ናይታ ቤት ትምህርቲ ናይ ምስጋና መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ። ካልኦት ዝኢ ሰልማት ዘይበቕዑ ተማሃሮ ድማ ቅዱስ ቅንኢ ብምሕዳር ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቶም ከዐውቶም ዝኽእል መደባቶም ብዋበእ ሓንጺጾም ክጽዕሩ ኣዘኻኺሩ።

ካብ ወለዱ ንዋታውን ኣእምሮኣውን ስንቂ ከይሓዘ ዝወፈረ ተመሃራይ፡ ብጻዕሪ መምህራኑ ጥራይ ዕወት ክኸውን ኣይክእልን'ዩ። እኳ ድኣ ብኣንጻሩ፡ ንጻዕሪ መምህራኑ'ዩ ዘዳኽሞ። ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝቖማ ኮሚቴ ወለዲ'ምበኣር፡ ንስጠምዎት ናይ'ቲ ኣብ ሞንጎ ወለድን መምህራንን ዘሎ ፈትሊ ወትሩ ክተርር ክሰርሓሉ ይግባእ። ብዮዝበረ ወፋያት ኣባላት ኮሚቴ ወለዲ ዘለወን ኣብያተ ትምህርቲ፡ ተመሃሮአን ብሉጻት ኮይናም ክወጽኡ ስለዝረኣዩ።

ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ዕለት ቀጺሉ ዝቐረበ ቃል ኣብ'ዚ ሰለሳዊ ርክብ ኣብያተ-ትምህርቲ ዘተኮረ እዩ ነይሩ። ኣቦ-መንበር ኮሚቲ ወለዲ ተመሃሮ ኣቶ ቴድሮስ ተኽለ ኣብ ዘሰምዖ ቃል፡ "ትምህርቲ መዛና ኣልቦን ኣብ ቅድሚት ዝሰራዕን ሃብቲ ወዲ ሰብ እዩ" ድሕሪ ምባል፡ ዘለናዮ ግዜ ዘመነ ቴክኖሎጂን ምዕባለን ምዃኑ ኣዘኻኺሩ። ስለዚ ድማ ኣብያተ ትምህርቲ ማዕረ ማዕረ እቲ ዝረኣ ዘሎ ምዕባለ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ክሰጉማ ጸዊዑ። ኣብያተ-ትምህርትና፡ ብዘይካ'ቲ ዓመት መጽኣ ንምምሃር ምስትምሃር ዝኸውን ኩሉም ዓይነታት ናውትን ብቑዕ ትሕዝቲ ቅርጽን ምድላው፣ ብመኣዲ ትምህርቲ ዝሓለፉ ብቑዓት መምህራን ንኽህልዋ፡ ቀጻልን ዘይቋርጽን ንሞያ ምምህርና ዘማዕብል ስልጠና ክውደብ፡ ብቑዓት መንእሰያት ክስሰኑ፡ ኣብ ዝካየድ ዘይተሓለለን ዘይተቖጠበን ጻዕሪ ተራ ወለዲ ብሓፈሻ ኮሚቲ ወለዲ ድማ ብፍላይ ንምዕዛዝ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣቦ-መንበር ኮሚቲ ወለዲ ብዘወሰኾ፡ "መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት ትምህርቲ ፍረ-ሰላም ሎሚ መዓልቲ ውጽኢት ናይቶም ካብ ንኡስ ዕድመ ቈልዕነቶም ተቐቢላ ከም ሓዳሽ ፈልሲ ገሪብ ከስተሳ ኣብ ዘርያ መኣዲ ብቑዓት መምህራን ብዳስተፕሊንን ሱምጥርን ምስ መንግስቲ ብቀጻሊ ዝሁቦር ወፍሪ ብምድማር ብሩህ መጻኢ ዘለዎም ተመሃሮ ከተፍሪ ምኽኣላ ዓቢ ዓወት እዩ። እዚ ድማ ብዘይ እቶም ጉልቡቶምን ፍልጠቶምን ከይበቐቑ ብዘይ ምስልኻይ ለይትን ቀትርን ዝደኸሙ መምህራን ከምዘይዕወት ድሕሪ ምዝኽኻር፡ ብስም ኩሎም ወለዲ ተሸለምትን ንሽልማት ዝበቕዑ ተማሃሮን ምስጋኑ ገሊጹ። ኣብ መደባት ስራሕ ኮሚቲ ወለዲ ብምእታው ከኣ ንመጻኢ ወለዲ ኣብ ደቆም ብዛዕባ ክገብርዎ ዝዋበኦም ምክትታል ዝርዝራዊ ሓበሬታ ኣቕረበ።

ዝኢ ዘመነ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ደጊሙ ዘዘኻኸረ ኣቶ ቴድሮስ፡ ወለዲ ተማሃሮ ደቆም ዝሕዝዎን ውልቀ ሞባይላት ምስ ህልው ግዜን ዘመን-ኣምጽኦን ቅልጡፍ ምዕባለ ዝሰነ'ኳ እንተኾነ፡ ወለዲ ተማሃሮ ደቆም ዝጥቀሙለን ሞባይላት ንመጻኢ ህይወቶም ብኣሉታ ዝጸልዋ ከይኮና ብቐጻሊ ተፍትሽ ክገብሩ ኣዘኻኺሩ።

ወከል ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል መምህር የውሃንስ ሰለሙን ኣብቲ ኢጋጥሚ ተረኺቡ ኣብ ዘሰምዖ ቃል፡ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት ትምህርቲ ፍረ-ሰላም ሓንቲ ካብቶን ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ኣብ ዓመተ 2021-2022 በሊጽ ነጥቢ ብምምዝጋብ ዝተረቑሓ 10 ኣብያተ ትምህርቲ ምዃና ድሕሪ ምጥቃስ፡ እዚ ሎሚ ዝተረኽበ ውጽኢት ብዘይካ ናይቶም ንሽልማት ዝበቕዑ ተመሃሮ ፍረ-ጻዕሪ መምሃራንን ኮሚቲ ወለድን ናይታ ቤት ትምህርቲ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ኣብቲ ዕለት ነቲ መደብ ንምድማቕ ብተመሃሮ 8ይ ክፍሊ ዓመተ 2023 ናይቲ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለየ ኣርእስቲ ዘጠቓለለ ብቛንቋ እንግሊዝ መደብ ክትዕ ክካየድ ከሎ፡ ዕድመ ዝተኣገረሎም ሱጥጥበውያን ንዝተፈላለየ ብሄራትና ዝወክል ትልህት ሓደ ብሓደ ቀረበ።

ሃብርም ተማሃሮ ዝተዓደለሎም ሽልማት መተባብዒ ማዳልያን ሰርቲፍኬትን ክዕደሉ ከለዉ ኣብ ስራሕ ንዋሕ ዓመታት ክሰርሑ ጸኒሖም ዝተቛየሩ ኮሚቲ ወለዲ ናይ ኣበርክቶ ምስክር ወረቐት ተዓዲሎም።

ኣብ መደምደምታ፡ ካብቶም ኣብቲ ዕለት ንሽልማት ዝበቕዑ ተመሃሮ ካብ 98 ክሳብ 99 ካብ ሚእቲ ብምምጻእ ንዝተሸለሙ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ትርከቦም ኣርባዕተ ተመሃሮ ተወከስናዮም ነርና። ናቶም መልሲ ድማ ቀንዲ ምኽንያት ዓወቶም ድምር ጻዕሪ ወለዶምን መምህራኖም ምዃኑ ብምሕባር፡ ናቶም ጻዕሪ ኣብቲ ንእኦም ኢሉ ዝካየድ ኩሉ ዓይነት ምድግጋፋት ድማ ዝለዓለ ተገዳስነት ብምሃብ መደባቶም ብምስራሖም ናብዚ ዓወት ክበጽሑ ከምዝኸኣሉ ኣረጋጊጾም።

ወለዲ ተማሃሮ ብዮገድኦም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ብዘይ ልዑል ክትትል ወላዲ፡ ተማሃሮ ኣብ ትምህርቶም ክዕወቱ ከምዘይክእሉ ድሕሪ ምዝኽኻር፡ "ደቅና ናይ መጻኢ ዕድልና ምዃኖም ብምግንዛብ ምጽዓር የድሊ" ክብሉ ተላብዮም። ኣብቲ ዕለት ንሽልማት ዝበቕዑ ተመሃሮ ንቐጻሊ ጉዕዞ ትምህርቶም ከም መንጠሪ ባይታ ክጥቀምሉ ጻዕርታቶም ከምዝሕይሉ ቃል ኣትዮም።


ተሸለምቲ ተማሃሮ

ሓዳስ ኤርትራ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

# Letter of Invitation for Bids

**Re:** ***Supply of Fishing Gears in 4No lots, Ref: MMR/FReMP/ICB/G/G26/2022***

1. The *Ministry of Marine Resources of the State of Eritrea has received* financing from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) towards the cost of *Fisheries Resources Management Programme (FReMP)* and intends to apply part of the financing for the purchase of these goods. The use of any IFAD financing shall be subject to IFAD's approval, pursuant to the terms and conditions of the financing agreement, as well as IFAD's rules, policies and procedures. IFAD and its officials, agents and employees shall be held harmless from and against all suits, proceedings, claims, demands, losses and liability of any kind or nature brought by any party in connection with *Fisheries Resources Management Programme (FReMP).*

2. The *Fisheries Resources Management Programme* is under implementation starting from 2017 and expected to phase out by the year 2023. The Programme will contribute to the development goal of "increased household food and nutrition security and the alleviation of rural poverty". The Programme development objective is "increased incomes and improved nutrition situation for targeted beneficiaries and sustainable management of natural resources". In pursuit of this objective, FReMP will support the marine and inland small scale fisheries to produce a surplus within the maximum sustainable yield of the fisheries and forge sustainable partnership linkages with various actors along the fish production and marketing channel. The aim will be to transform the small scale fisheries sector in Eritrea from subsistence to a sustainable commercial sector.

3. The purchaser now invites sealed bids from eligible entities ("bidders") for the Provision of Netting Materials which includes;
   - Beach Seine Net,
   - Multifilament Gillnets for large pelagic fish,
   - Multi-monofilament Gillnets for large pelagic fish,
   - Encircling Gillnet for large pelagic fish,
   - Monofilament gillnet for on shore fishing,
   - Monofilament Gillnets for inland fishing,
   - Fishing rope and Fishing twine.

   Provision of Sinker and Lead line includes lead sinker and lead line sinker. Provision of Longline that includes;
   - Hook for onshore longline,
   - Hook for offshore longline,
   - Snap for onshore longline,
   - Snap for offshore longline,
   - Swivel for onshore longline,
   - Swivel for offshore longline,
   - Sleeve for onshore longline,
   - Sleeve for offshore longline,
   - Mainline,
   - Branch line,
   - Longline wire cutter,
   - Hand crimper,
   - Longline Drum,
   - Longline Hydraulic Pump.

   Provision of Handline that includes;
   - Hook for coastal fishing,
   - Hook for inland fishing,
   - Handling for coastal fishing, and
   - Handling for inland fishing.

   And provision of Fishing Floats. Within the next 3 months, it is envisaged that the products will be shipped to the port of Massawa, Eritrea. More details on these goods and related services are provided in the schedule of requirement of the bidding document.

4. This IFB is open to all eligible bidders who wish to respond. Subject to the restrictions noted in the bidding document, eligible entities may associate with other bidders to enhance their capacity to successfully deliver the goods and related services.

5. The goods and related services, and the contract expected to be awarded, are divided into the following lots:
   - Lot 1: Nets, Ropes and Twines
   - Lot 2: Sinker and Lead line
   - Lot 3: Handline and Longline
   - Lot 4: Fishing Float

6. Bidding will be conducted using the International Competitive Bidding (ICB) method, the evaluation procedure for which is described in the bidding document, in accordance with the IFAD procurement handbook which is provided on the IFAD website "https://www.ifad.org/en/project-procurement". The ICB process, as described, will include a review and verification of qualifications and past performance, including a reference check, prior to the contract award.

7. Please note that a pre-bid conference will not be held as described in the bid data sheet BDS, Section II of the bidding document.

8. The Programme procurement controller can be reached at frempnpc@gmail.com/frempprocurement@gmail.com for a comprehensive set of tender documents in English. Potential bidders must first fill out a registration form before receiving the documents by email, which is provided at no charge.

   *The State of Eritrea*
   *Ministry of Marine Resources*
   *Fisheries Resources Management Programme (FReMP)*
   Address: *Ministry of Marine Resources Head Quarter*
   *(Ex- college of Marine Science and Technology)*
   *Tele No: +291-1-541239/540036/540053, P.o.box: 27*
   *E-mail: frempnpc@gmail.com/frempprocurement@gmail.com*
   *Fax number: 291-1-540036/540081*
   *Massawa, Eritrea*

9. Bids must be delivered to the address below in a manner specified in the BDS ITB 25 no later than **April 24, 2023** *at 10:30 AM.*

   *The State of Eritrea*
   *Ministry of Marine Resources*
   *Fisheries Resources Management Programme (FReMP)*
   *Address: Ministry of Marine Resources Head Quarter*
   *(Ex- college of Marine Science and Technology)*
   *Tele No: +291-1-541239/540036/540053, P.o.box: 27*
   *E-mail: frempnpc@gmail.com/frempprocurement@gmail.com*
   *Fax number: 291-1-540036/540081*
   *Massawa, Eritrea*

10. Bidders should be aware that late bids will not be accepted under any circumstances and will be returned unopened to the bidder. All bids must be accompanied by a bid-securing declaration (as required) in the manner specified in the bid data sheet.

11. Please note that electronic bids shall not be accepted as defined in ITB BDS 25.

Yours sincerely,
*Procurement Controller for Fisheries Resources Management Programme (FReMP)*
*Ministry of Marine Resources*
*Massawa, Eritrea*
*E-mail: frempnpc@gmail.com/frempprocurement@gmail.com*
*Fax number: 291-1-540036/540081*

# ምልክታ


ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ


## ብስራት ንማእከላይ ደረጃ ተማሃሮ

**100% SUCCESS**

ዞርኣስታ መጽሓፍ

መወከሲ
ንተማሃሮ 6ይ፡
7ይ፡ 8ይ ክፍሊ
ኣብ ዓይነት
ትምህርቲ
>እንግሊዝኛ
>ቁጽሪ
>ስነ ፍልጠት
>ማ/ትምህርቲ




ንዝበለጸ ዓወት መጽሓፍ "100% Success" ይኹን ምርጫኹም

ናይ 10 ዓመት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ምስ ምሉእ ኣሰራርሕኡ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ቴሌ. 07151337 ወይ 07152627 ተወከሱ


## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;**

**Procurement Data Clerk**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities.**

- Transferring data from paper formats into computer files or database systems._
- Typing in data provided directly from customers.
- Creating spreadsheets with large numbers of figures without mistakes.
- Verify data by comparing it to source documents.
- Update existing data.
- Retrieve data from the database or electronic files as requested.
- Perform regular backups to ensure data preservation.
- Capture information related to purchase requisitions, orders and process all the documents which are collected from purchase officers.
- Process Purchase Requisition (PR) from end user and prepare AMSC Purchasing Quotation (APQ) and
- Purchase Orders (APO).
- Capture PR & PO information into NAV computer system and obtain authorization.
- Follow up all documentation and ensure letters are sent to Red Sea Corporation timeously.
- Liaise with Purchasing and Expediting teams concerning supplier / freight forward queries are resolved.
- Deliver and collect documents for payment at 'Accounts Payable.'
- Prepare daily status reports on Outstanding Purchase Orders for Supply Manager.
- Insure Proper Filing & Documentation of Supply documents.
- Assist the Department Supervisor with the daylily process.
- Assist staff with leave applications
- Assist the Department Supervisor with Other Different Tasks.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • High school Diploma or Higher |
| Working Experience – Nature & Length | • 3 + years of experience as Data Entry Clerk or a similar role.<br>• 3 or more years' experience in warehousing |
| Behavioral Skills | • Good command of English both oral and written and customer service skills<br>• Confidentiality<br>• Deadline driven<br>• Ability to perform under pressure<br>• Innovative thinking Task and deadline-oriented |
| Technical skills and abilities | • Excellent knowledge of word processing tools and spreadsheets (MS Office Word, Excel etc.)<br>• Accuracy<br>• Attention to detail<br>• Working knowledge of office equipment and computer hardware and peripheral devices |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: Asmara Office & AMSC Sites

- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:
• Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
• Present clearance paper from current/last employer.
• Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
• Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
• Application documents will not be returned to the sender.
• All applications should be sent through the post office.
• Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

ኣነ ወራሲት ኑቲ ኣብ ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ፣ ዞባ 06 ምም.03 ጎደና "አ" ቁ.ገዛ 53 ስፍሓት መሬት 200 ት/ሜተር ቁሎታ 28 ቁ.ፓርቸላ H ብቁ.ምስክር ወረቐት 109146፣ መወከሲ. ቁጽሪ 118179 ብስም ብዓል ቤተይ ነፍ/ሄር ኣብርሃም ተስፋሚካኤል ክፍሉ ተመዝጊቡ ኦርጂናል ሊብረቶ ስለዝጠፍኣኒ፣ ረኺቡዎ ወይ እውን ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሃልዩ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ብቁ.07126764 ደዊሉ ይርከበኒ። እንተዘይተረኺቡ፣ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምኻነይ እሕብር።

ወ/ሮ ተግባሩ ኪዳነ ወልደኣብርሃም



## ምስጋና

ብሞት ፍቕርቲ ክብርት በዓልቤተይ ገዲ ተጋ/መሓሪ ተኽለ ዘጋጠመና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ዝቐበርክምና፣ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕክምናን፣ ካብ ጎንና ዘይተፈለኹም ኣዕሩኽ፣ ኢሚግሬሽንን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

በዓልቲቤቱ፣ የሹ ተወልደ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ሓራጅ

ብፍ/ቤ/ማሳል ንግዳዊ ባንክ ኤርትራ ዝፍረዶ፣ ብፍ/ቤ/ዕዳ ኣቶ የሱፍ ሓመድ ኣበሰኦም፣ ወ/ሮ ኣምና ዓብደላ ሓሙድ ክኸፍሉዎ ስለዘይከኣሉ፣ ብስም ብፍ/ቤ/ዕዳ ቁጽሪ 2 ኣምና ዓብደላ ሓመድ ዝውንን ኣብ ከተማ ኣቑርደት ዞባ 01 ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፣ ኣብ 746.20 ት.ሜትር ዝተደኮነ ቪላ ምስ ሰርቪስ ሸውዓተ ተሓጋጋዚ ክፍልታትን ሓደ መኽዘን ቤት መግዛእን ማስተን ዝሓዘ ህንጻ ብሓራጅ ንምሻጥ፣ መበገሲ ዋጋ ብበዓል ሞያ 655,783.58 (ሽዱሽተ ሚእትን ሓምሳን ሓሙሽተን ሽሕን ሸውዓተን ሚእትን ሰማንያን ሰለስተን 58%) ናቕፋ ተገሚቱ ቀሪቡ ስለዘሎ፣ ክወዳደር ዝደሊ ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 ተጠራቓሚ በቲ ሕሳብ ወይ ብስም ፈጻሚ ፍርዲ C.P.O ኣሰሪሑ ብምቕራብ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ክወዳደር ይኽእል።
ተወዳደርቲ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ናይ ስራሕ 5ተ መዓልታት፣ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገዛዚ ብቑጽርን ብኣሃዝን ብጽሑፍ ብምጽሓፍ ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ኣስመራ ዝተዳለወ ሳንዱቕ ጨረታ ቁጽሪ 62 የእቱ።

ዝቃወም እንተሎ፣ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን።
ሓበሬታ ዝደሊ ኣብ ላ/ቤ/ፍርዲ ኣስመራ 66 ክወከስ ይኽእል።
ቦታ ሓራጅ፦ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ገበን መጋዘኒያ ቁጽሪ 27
ዕለት ሓራጅ፦ 20/04/2023
ሰዓት ሓራጅ፦ 3:00-4:00 ድ/ቀትሪ

# Vacancy Announcement

Eritrean Pharmaceutical Association (ERIPA) is inviting qualified applicants for the following position:

| | |
|---|---|
| Position | Secretary |
| Number required | 01 |
| Place of work | Asmara |
| Contract type | Indefinite |
| Primary responsibility | Management of day-to-day administrative and secretarial tasks |
| Major duties and responsibilities | • Respond to calls, emails and letters<br>• Write and distribute routine correspondences<br>• Arrange and coordinate meetings<br>• Systematically achieve and maintain ERIPA documents<br>• Take notes at meetings<br>• Ensure office supplies are stocked<br>• Analyze information and prepare reports<br>• Collect membership fees and renew membership cards<br>• Register and deliver membership card to new ERIPA members and<br>• Perform other related tasks as indicated in the terms of reference. |
| Minimum requirements | • Highschool complete with a minimum of three years experience or<br>• Certificate in secretarial science or other relevant fields with at least one year experience as a secretary or administrative assistant |
| Other skills | • Basic computer in general and proficiency in MS Office in particular<br>• Fluency in both English and Tigrigna<br>• Excellent communication and time-management skills<br>• Ability to work with little supervision<br>• Report writing<br>• Familiarity with office organization techniques |
| Salary | Negotiable |
| Additional requirements for nationals | Released/exempted from national service and evidence of release from previous governmental work (if applicable). |
| Testimonial documents to be submitted | CV, letter of application and release/exemption from national service |
| Deadline for application | Seven working days from the day of announcement on newspaper |
| Place of submission | National Medicines and Food Administration/ Ministry of Health<br>Denden Street 174-4<br>P.O.Box: 212<br>Telephone 125393<br>Asmara, Eritrea |

## Employment Advertising for the position of Chief Accountant

### Responsibilities and duties

- Posting all passengers, freight, excess baggage, mail and other revenues to the accounting system.
- Check and verify accuracy of cash deposits against sales report.
- Keep all supporting documents of sales properly.
- Keep all payment documents along supporting documents properly.
- Complies and reconciles the Airlines budget. (OR petty cash in case of Branch office).
- Plans and executes the most effective utilization the company's funds/petty cash.
- Process and prepare all salary deductions and other salary benefits monthly in payroll program and submit to the management.
- Prepares monthly Financial Report as per the company procedure.
- Established and operates bank accounts, subject to the approval of the Airlines Management and as per the local government policies.
- Evaluates all insurance requirements of the company and ascertain that all necessary coverage is secured (with the insurance company in Eritrea) to the best advantage of the Airline.

### Qualification Requirements and Experiences

**Minimum Requirements**

- Diploma in Accounting
- Knowledge of IFRS and Eritrea taxation rules.
- Excellent English Communication skills (both written and verbal) & Arabic language is an advantage.
- Good knowledge of MS office and advanced excel skill
- Minimum 3 years experience
- Experience in aviation industry is an advantage.

All applicants must provide evidence of completion or exemption from national service.

Interested candidates should submit their application with their personal resume within 10 working days of this announcement.

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

- ASMARA MINING SHARE COMPANY
- Abo Street, No. 178, House No. 16
- Gejeret, P.O. Box 10688
- Tel. ++291-1-153986
- Asmara, Eritrea

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;**

**Purchaser Officer**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Indefinite**

## Major Duties and responsibilities.

- Source and buy materials, goods, and services on behalf of the AMSC to be used in daily operations
- Track orders and ensure timely delivery
- Maintain stock levels, and may also conduct research, negotiate with vendors, and interview prospective suppliers.
- Prepare purchase orders for goods and services of Requisitions goods and services from all department heads.
- Contacts suppliers for price quotes; prepares requisitions and affixes authorizing signature before ordering. Checks accuracy of funding information
- Review quality of purchased products
- Purchases goods and services within established limits as provided by head of the department.
- Reviews and approves purchases for amounts greater than authorized prior to referral to the Head of Department; or vendors prior to preparing specifications to describe the items desired; makes recommendations to a higher level buyer.
- Informs vendors about purchasing procedures and regulations; maintains purchasing records.
- Contacts vendors or agency representatives to obtain availability and product information or to solicit bids; develops requests for quotations; and confers with vendors concerning new products, damaged goods, delayed payments or related information.
- Prepare reports on purchases, including cost analyses
- Coordinate with warehouse staff to ensure proper storage
- Conducts research concerning new products and general commodity requirements.
- Attend trade shows and exhibitions to stay up-to-date with industry trends

## Profile: Qualifications and Experience

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Diploma in Logistics & Warehousing Management<br>• Degree in Marketing or Material Management is an advantageous |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum of 3 years' relevant experience in procurement/ purchasing, preferably within the heavy industrial or mining industry<br>• Good knowledge of vendor sourcing practices (researching, evaluating and liaising with vendors) |
| Behavioral Skills | • Communication (English and Local language)<br>• Innovative thinking<br>• Interpersonal Relations<br>• Ability to work under pressure<br>• Assertiveness, Discretion, Integrity and Self-discipline |
| Technical skills and abilities | • Computer Literacy (MS Offices – Word, Excel – Advanced)<br>• Organizational skills<br>• Analytical skills<br>• Problem solving skill.<br>• Supervisory skills - Ability to manage direct reports. |

- General Information and other requirements:
- ☐ Place of Work: Asmara Office & AMSC Sites
- ☐ Type of contract: Indefinite Period
- ☐ Salary: As per the Company salary scale
- Additional requirements for Nationals:
- • Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- • Present clearance paper from current/last employer.
- • Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- • Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- • Application documents will not be returned to the sender.
- • All applications should be sent through the post office.
- • Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.
- ☐ Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- ☐ Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

ኣብ ኣስመራ ቤት መኻእ ፕሎት 21 ፓርሰል K ዝርከበ ብመለለዩ ቁጽሪ 1:010350 ብስም ሳሙኤል ደበሳይ ገብረኣምላኽ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሓዚዎ ዝበል እንተልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቁጽሪ ቴሌፎን 07323383 ክሕብረኒ እንተዘይሒቡ መተካእታኡ ክሳተት ሙኻኑይ እሕብር።

ሳሙኤል ደበሳይ ገብረኣምላኽ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## "ሞሪኖ፡ ዝበለጸ ኣሰልጣኒ ናይ'ዚ ዘመን" ኣዚል

ዝሓለፈ ረቡዕ ካብ ኩዕሶ እግሪ ጥሮታ ምውጻኡ ዝፍለጠ ጀርመናዊ ኣከፋፋሊ - መሱት ኣዚል፡ ኣብ ሪያል ማድሪድ ዓሰልጣኒኡ ንዝነበረ - ጆስ ሞሪኖ 'እቲ ዝበለጸ ኣሰልጣኒ ናይ'ዚ ዘመን' ክብል ጸዊዕዎ።

ኣዚል፡ ኣብ 2010 ወዲ 21 ዓመት እንከሎ፡ ካብ ቨርደን ብረመን ብ15 ሚልዮን ዩሮ ናብ ማድሪድ ምጽንባሩ ይዝከር። ኣብቲ እዋን ከኣ ዋላ'ኳ ባርሴሎና ትደልዮ እንተነበረት፡ ዓሰልጣኒ ማድሪድ ዝነበረ ሞሪኖ ግና፡ ናብ ክለብ ክጽንበር ከምዝኣመኖ ይዛረብ። ንሱ፡ "ንሱ፡ ናይ'ዚ ዘመን ዝበለጸ ኣሰልጣኒ ጆስ ሞሪኖ እዩ። ታክቲካዊ ርድኢቱ ዝለዓለ ደረጃ እዩ። ኣብ መቖየሪ ክፍሊ ዘዘውትሮ ኣዘራርባ ሰሓቢ እዩ። ኩሉ ግዜ ከኣ ንጋንታኡ ኣብ ቅድሚ መራኸቢ ብዙሃን ምስ ተኻላኸለ እዩ። ብሓፈሻ፡ ናይ ብሓቂ ዓለምለኻዊ ደረጃ ዘለዎ ብሉጽ ዓሰልጣኒ እዩ።" ክብል ወዲስዎ።

ኣዚል ቀጺሉ፡ ኣብቲ ዓበይቲ ክለባት ማድሪድን ባርሴሎናን ንዓይ ንዓይ ዝበሃሉ ዝነበሩ ግዜ፡ ሞሪኖ፡ ሕልፊ ጋርድዮላ ከምዝመሰጦ ንድሕሪት ተመሊሱ ዝኸሩ የካፍል፡ "ናብ ማድሪድ ክጽንበር ሞሪኖ እቲ ዝዓበየ ጽልዋ ነይርዎ" ዝበለ እዚ ጀርመናዊ፡ "ከም ኣገዳሲ ኣጋይሽ ሰብ (VIP) ናብ ሜዳ በርናቡ ወሲዱ፡ ኩሉ ዝዓተርዎ ዋንጫ ኣርእዩኒ። እዚ ከኣ ዓቢ ተስፋ ሂቡኒ። ቅድሚኡ እኳ ንቅዲ ጸወታ ባርሴሎና ኣዝዩ እየ ዝፈትዎ ነይረ። ምስኣ ክጻወት'ውን ብሓቂ ይደሊ ነይረ። ናብዛ ጋንታ ኣብ ዝነበርክዎ ምብጻሕ ግና፡ ብዙሕ መሳጢ ኣይነበረን። እቲ ተስፋ ዘቖረጸኒ ድማ፡ ጋርድዮላ ክረኽበኒ ዘይምድላዩ እዩ። ስለ'ዚ ከኣ ብርግጽ ማድሪዳዊ ክኸውን፡ ሞሪኖ እቲ ዝዓበየ ምኽንያት እዩ ነይሩ።" ኢሉ።


ኣዚል፡ ኣብተን ምስ ትሕቲ ሞሪኖ ዝሰልጠነለን ሰለስተ ዓመታት፡ ኣብ ጥርዚ ብቕዓት ምንባሩ ብዙሓት ተንተንቲ እውን ይሰማምዑ እዮም። እዛ ጋንታ፡ ተዓዊቲት ላ'ሊጋ፡ ኮፓ ደል ረይን ሱፐር ኮፓ እስጳኛን ክትከውን፡ ልዑል ተራ ተጻዊቱ እዩ። ብውልቁ ድማ፡ ዕድላት ኣብ ምፍጣር ልዑል ዓቕሚ ከምዘለዎ ኣርእዩ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ እዚ ወዲ 34 ዓመት ተጻዋታይ ነበር፡ ምስ ፕረዚደንት - ፍሎረንቲኖ ፐረዝ ተባኢሱ ካብ ማድሪድ ምውጻኡ ከምዝተጋዕዘ፡ ምስ ጋዜጣ ማርካ ኣብ ዝነበሮ ቃለምልልስ ተዛሪቡ። "ኣዝዩ ዝሕርቕ እዩ ነይሩ። ኣብ ኣርባዕተ ምስ ተሰቕለኩ ክኸብዕ ይዝከረኒ። ኣቦታ ህሞት እቲኣ - ኩሉ ከምዝበቕዐ ተረዲኡኒ። ብርግጽ፡ ኣብቲ እዋን ኣብ መንጎ ኣቦይን ፐረዝን ዘጋጠመ ባእሲ ብኻልእ መንገዲ እንተዝፍታሕ ምመረጽኩ ነይረ።" ክብል፡ ጣዕሳኡ ገሊጹ። ኣብዚ እዋን ግና - ኣዚል፡ ምስ ፐረዝ ዝነበሮም ባእሲ ከምዝተዓረቐን ዝኾነ ጸገም ከምዘይብሎምን ይገልጽ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ መሱት ኣዚል፡ ብዛዕባ ሮናልዶ ኣብ ዝተሓተቶ፡ "ምስ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ምጽዋት ኣዝዩ ኣዘናጋዒ እዩ ነይሩ። ንዓይ ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ እቲ ዝበለጸ ተጻዋታይ - ንሱ እዩ። ኣብ ሜዳ ብጣዕሚ ኢና ንሰማማዕ ነይርና - ኣነ ኩዕሶ ይቐርበሉ፡ ንሱ ናብ ሸቶ ይቕይራ። ዳርጋ ንዘራብዮ ህያብ ዘይሰሓት ተጻዋታይ እዩ።" ክብል የድንቖ።

ኣብ ማድሪድ እንከሎ ኣንጻር ባርሴሎና ኣብ ጸወታ "ኤል-ክላሲኮ" ክፋጠጥ ዝጸቕዐ እዚ ኣከፋፋሊ፡ ኣብ ግዜኡ ዝነበረ ግጥማት "እቲ ዝበለጸ ዘመን ኤል-ክላሲኮ" ምንባሩ ይኣምን። ኣዚል፡ "እቲ ጸወታ ኩሉ እዩ ነይርዎ - ሞሪኖ ኣንጻር ጋርድዮላ፡ ክሪስቲያኖ ኣንጻር ሜሲ። ኣብቲ እዋን ንባርሴሎና ምስዓር ማለት እኮ - ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ርዉየት ምብጻሕ እዩ ነይሩ። ኣብ 2010 - 5ብ0 ዝሰዓሩና ግጥም ግና፡ ኣብ ናይ ጸወታ ዘመነይ እታ ዝዓበየት ኣበሃራሪት ሕልሚ እያ። ብሓፈሻ፡ ብዙሓት ናይ ደርቢ ግጥማት ተጻዊተ እየ - ከም ኤል-ክላሲኮ ግና ዝነበረ ኣይመስለንን። ናይ ሓቂ ኤል-ክላሲኮ፡ መቐረቱ ኣጥፊኡ እዩ ምባልኩ።" - ኢሉ እዚ ካብ ማድሪድ ምስ ወጸአ ናብ ኣርሰናል ዘቕንዐ - ኣዚል።





## ጠንቂ ሃንደበታዊ ምብራር ነግለስማን እንታይ እዩ?
## ቱኸል፡ ዳግማይ ናብ ስራሕ ተመሊሱ

ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ንተኸታተልቲ ኩዕሶ እግሪ ደብሓ ዜና እንተነይሩ - "ባየር ሙኒክ፡ ንጁሊያን ነግለስማን ኣብሪራ ንቶማስ ቱኸል ኣፊሪማቶ" ዝብል ዜና እዩ።

ወዲ 35 ዓመት - ነግለስማን፡ ኣብ ሚያዝያ 2021 ብናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል ስራሕ እዩ ንባየር ክስልጣ ተሰማሚዑ። ኣብታ ወቕቲ፡ ተዓዊቲ ቡንደስሊጋን ዋንጫ ክለባት ጀርመንን ክኸውን ክኢሉ እዩ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ - ካብ ትጽቢት ወጻኢ ብቪያሪያል ተኣልዩ።

ሎሚ ዓመት ከኣ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ካብ ሸሞንተ ግጥማት ኣብ ሸውዓተ ሽቶ ከይተመዝገቦ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ በጺሑ ነይሩ። ሰለስተ ናይ ሊግ ግጥማት ጥራይ ዝተሳዕረ - ነግለስማን፡ ኣብዚ ዝሓለፈ 19 ኣዋርሕ ብማእከላይ ገምገም ኣብ ሓደ ጸወታ 2.19 ነጥቢ ደረኽበ ነይሩ። እዚ ቁጽሪ ኣብ ታሪኽ ቡንደስሊጋ ራብዓይ ዝበለጸ ኣሰልጣኒ ደሰርዖ። ንርድ እዛ ጋንታ እምበኣር ዕግበት ኣይፈጠረለምን።

እዚ እናኾነ ከኣ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ብባየር ለቨርኩሰን 2ብ1 ብምስዓሩ፡ ነቲ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ጥቅምቲ ጀሚሩ ክመርሖ ዝጸንሐ ሊግ - ንቦሩሽያ ዶርትሙንድ ኣረኪብዋ ኣሎ - ብናይ ሓንቲ ነጥቢ ፍልልይ። ንርድ ባየር ሙኒክ ግና፡ እዚ ስዕረት እዚ - ነዚ ዓለሚ ከብርርዎ ዝደፋፍኦም እኹል ጠንቂ ከምዘይኮነ እዩ ዝሕበር። እሞ እንታይ ደኣሉ. . .?

- ኣብ ሓዳሽ ዓመት 2023፡ ዋሕዲ ቀጻልነት

እዛ ጀርመናዊት ክለብ፡ ኣብዛ ወቕቲ ነተን ክትዓትረን ትመጣጠር ዘላ ሰለስተ ጸዋዓት - "ቡንደስሊጋ፡ ሻምፕዮንስ ሊግን ዋንጫ ክለባት ጀርመንን) ኣብ ትሕቲ እዚ ዓለሚ ኣብ ሓደጋ ዘለዋ ኮይኑ ከምዝተሰምዓ ይግለጽ። ምኽንያቱ፡ እዛ ጋንታ፡ ዋላ'ኳ፡ ቅድሚ ዋንጫ ዓለም ጸቢቕ ወጽኢት ተመዝግብ እንተነበረት፡ ድሕሪ'ዚ ውድድር ግና፡ ካብ 10 ናይ ሊግ ግጥማት 12 ነጥቢ እያ ኣጥፊኣ። በዚ ድማ፡ ነቲ ብሰፊሕ ኣፈላላይ ትመርሖ ዝነበረት ሊግ ዝሓለፈ ሰሙን ንዶርትሙንድ ኣረኪባታ እያ።

- ባእሲ ምስ ማኑኤል ነየርን ወሰንቲ ተጻወትቲን

ነግለስማን፡ ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ምስ ወሰንቲ ተጻወትቲ ብዘይምስናዩ ደገፍ ምስኣኑ ይሕበር። እዞም ኣብ ልዕሊኡ እምነት ከምዘኩደሉ ዝገለጹ ተጻወትቲ፡ ብታክቲካዊ ውሳኔታቱ፡ ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእትዮምዎ እዮም። ንኣብነት፡ ምስ ብሉጽ ሓላዊ ልዳት - ነየር፡ ገጽ-ንገጽ ካብ ዘይረኣዩ ነዊሕ ከምዝቘጸሩ ዝሕበሩ ናይ ቀረባ ወገናት፡ ብዘይዳ እኳ ነየር ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ታሕሳስ ኣብ ምሸርታት በረድ እግሩ ድሕሪ ምስባሩ ነገራት ንጺጋም ከምዝሸፍኑ ይእመን። ነግለስማን፡ ነቲ ቀንዲ ዓርኪ ነየር ዝኾነ ኣሰልጣኒ ሓለውቲ ልዳት - ቶኒ ታፓሎቪች ምስ ኣብረሮ ከኣ፡ "ኣብ ርእሲ ዘላታ ተወሰኺታ" ኮይኑ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ገለ ተጻወትቲ ብኣገባብ ልምምድ እዚ ዓለሚ ቀጺሊ የጉረምርሙ ነይሮም እዮም።

- ሙኒክ፡ ንቱኸል ከይትኸስር. . .

እዚ እቲ ቀንዲ ምኽንያት ምዃኑ፡ ጀርመናዊት ጋዜጣ በልድ ትሕብር። እዛ ጋንታ፡ ቱኸል፡ ካብ ሪያል ማድሪድን ቶተንሃምን ተገዳስነት ረኺቡ ከምዘሎ እናተዓዘበት፡ ክሱብ ምግዛዙ እዛ ወቕቲ ክትጸበ ዓቕሊ ኣይገበረትን - ቅልጡፍ ስጉምቲ ወሲዳ ኣላ። ጀርመናዊ ቱኸል፡ ድሕሪ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም ካብ ቸልሲ ምውጻኡ፡ ናጻ እዩ ጸኒሑ። እንተኾነ፡ ቱኸል ኣብ ንቕሎኡ ብፈተንቲ ግጥማት እዩ ክጅምር፡ ዝመጽእ 1 ሚያዝያ ኣንጻር ቦሩሽያ ዶርትሙንድ፡ ድሕሪ 10 መዓልታት ከኣ፡ ናብ እንግሊዝ ተጓዒዙ ኣንጻር ናይ ጋርድዮላ ማን ሲቲ ክፋለም እዩ። እንተ ሓለፍቲ እዛ ጋንታ ግና፡ ቱኸል፡ ንየም ክጋደሉ ዝረኣዩ ዘለዉ ተጻወትቲ ከም - ማዝን ሳዝን ናብ ንቡር ብቕዓቶም ክመልሶም ትጽቢት ገይረሙሉ ኣለዉ። ቱኸል፡ ክሳብ ሰነ 2025 እዩ ውዕል ፈሪሙ ዘሎ።

- ጉዳይ ዕድሜ፡ ተራ ኣለዎ ዝበሉ'ውን ኣይተሳእኑን

ሓምለ 1987 ዝተወልደ - ነግለስማን፡ ወዲ 36 ዓመት (ልክዕ ንምኳን ዝመጽእ ወርሒ ሓምለ እዩ 36 ዓመት ክመልእ) መንእሰይ ኣሰልጣኒ እዩ። እዚ ማለት፡ ብ16 ኣዋርሕ ካብቲ መጋቢት 1986 ዝተወልደ - ነየር ይንእስ፡ ነየም 33ን 34ን ዝዕድሜኦም ሙለር ቺፖ ሞቲንግን ዓቢ ኣይኮኑን። ኣቐዲሙ፡ ምስ ወዲ 34 ዓመት ለዋንዶውስኪ ከምዘይተሰማምዐ እውን ስለዝሕበር - ማሳታኦም ብምኳኑ እውን ክኸውን ከምዝኽእል ይጥርጠር።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ ገለ ወገናት ምብራር ነግለስማን ምስ ተዓዘበ፡ "84 ግጥማት ኣካይዱ - 60 ዓወት፡ 14 ማዕረ፡ 10 ስዕረት - 71.4 ሚእታዊት ዓወት ሰኺዱ። ኣብዛ ወቕቲ፡ ባርሳ፡ ኢንተር ሚላንን ፒኤስጂን ንዝርከብኦን ክለባት ብምስዓር 100 ሚእታዊት ዓወት ሻምፕዮንስ ሊግ፡ ብሓፈሻ፡ ሓንቲ ናይ ቡንደስሊጋ፡ ክልተ ዋንጫ ክለባት ጀርመን (ኣብ 2022 ወሲኹ እዩ) ጸዋኣት ዓቲሩ። ኣብ 25 ግጥማት ቡንደስሊጋ ሰለስተ ግዜ ጥራይ ተሳዒሩ። ግና ቅድሚ ግርሃም ፖተር ናይ ቸልሲ ተባሪሩ - ዘገርም እዩ" ክብል ጽሒፎም።



ቱቸል ምስ ኣከየድቲ ሙኒክ

## ሓጸርቲ ዜናታት

* ዝላታን ኢብራሂሞቪች፡ ዓርቢ ምሸት ሃገሩ ሽወደን ኣንጻር ቤልጂዩም ኣብ ዘካየደቶ ናይ መጻረዪ ግጥማት ዩሮ 2024 ብምስላፉ፡ "ኣብ መጻረዪ ግጥማት ዩሮ ዝተሰለፈ ዝዓበየ ተጻዋታይ" ኮይኑ - ኣብ መበል 41 ዓመት ሓሙሽት ኣዋርሕን 21 መዓልታትን ዕድሚኡ። ነዚ ታሪኽ ናይ ቅድም ኢጣልያዊ ሓላዊ ልዳት - ዲኖ ዞፍ እዩ ብ41 ዓመት ሰለስት ወርሒን ሓደ መዓልትን ሒዝዎ ጸኒሑ። ኣብዛ ጸወታ፡ ቤልጂዩም፡ ካብ ሮሜሉ ሉካኩ ብዝረኸበተን ሰለስተ ሸቶታት ተሓጊዛ - 3ብ0 ተዓዊታ። ሃትሪክ ዝሰርሐ - ሉካኩ፡ ድሕሪ ጥቅምቲ 2021 እዩ ሎሚ ንሃገሩ ሸቶ ዘመዝገበላ ዘሎ። በዘን ሸቶታት ተሓጊዙ ከኣ፡ ኣብ ዝተሰለፎም 105 ኣህጉራዊ ግጥማት 71 ሸቶታት በጺሑ ኣሎ። እዚ ዓርሞሸሸ ኣጥቃዓይ፡ ነቲ 33 ሸቶታት በጺሑ ዝተፋነወ - ሃዛርድ ኣኺቢሉ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሸቶ ሃገሩ ኮይኑ ዘሎ። እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ንብታ ኣሰልጣኒ ማርቲዝዝ ተኪኡ ዘሎ - ዶመኒኮ ተደስኮ፡ ፋልማይ ጸወታ ብዓወት መዊኡዋ ምህላዉ ይጥቀስ።

* ተኸላኻሊ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ - ሪስ ጀምስ፡ ብሰንኪ ከም ቀሊል ዝተገልጸ መጉዳእቲ ናብ ክለቡ ቸልሲ ተመሊሱ። ኣንጻር ኢጣልያ ኣብ መበል 85 ደቒቕ ንኣካ ቀይሩ ዝኣተወ - ጀምስ፡ ዝሓለፈ ዓመት ብሰንኪ ማሰበርቲ ካብ ዋንጫ ዓለም ምብኳሩ ይዝከር። ሎሚ ኣንጻር ዩክረይን ጸወታ ዝጸንሖ ዓለሚ እዛ ጋንታ - ሳውዝጌት፡ መተካእታ እዚ ተኸላኻሊ ኣይጸውዐን ዘሎ።

* ንክንተ ከተብርር ምኳና ትግለጽ ዘላ - ቶተንሃም፡ ነቲ ዝሓለፈ ዓርቢ ብባየር ሙኒክ ዝተሰጎ - ጁሊያን ነግለስማን ቀጻማይ ሕጹይ ገይራቶ ምህላዋ ተቓሊሓ። እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ዓለሚ ባየር ሙኒክ ኮይኑ ዘሎ - ቱቸል፡ ንተሓጋጋዚ ኣሰልጣኒ ክለብ ቸልሲ - ኣንቶኒ ባሪ ምስኡ ክሰርሕ ኣብ ዓላማ ኣእትይዎ። ቱቸል፡ ዓለሚ ቸልሲ እንከሎ፡ ምስ'ዚ ተሓጋጋዚ ስራሑ ነይሩ እዩ። ድልየት ቱቸል ግብራዊ ክኸውን ግና፡ ባሪ ተገዳስነት ክህልዎ ኣለዎ።



### መደብ ጸወታ

ሎሚ
ሻምፕዮና ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል
ሰገን - ኣስመራ በራ
ኣዱሊስ - ኣልታሕሪር
ካብ ሰዓት 2:00 ድ.ቀ ጀሚረን
ክፋለማ እየን
***
መጻረዪ ግጥማት ዩሮ 2024
እንግሊዝ - ዩክረይን 7:00 ምሸት
ሉክሰምበርግ - ፖርቱጋል 9:45 ምሸት
ማልታ - ኢጣልያ 9:45 ምሸት
ጽባሕ
ኣየርላንድ - ፈረንሳ 9:45 ምሸት
ሆላንድ - ጂብራልታር 9:45 ምሸት

